ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.285 ሓሙስ 30 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3



ቁጠባዊ ዕቤት ብመንጽር ዓውደ-ትምህርቲ

ገጽ 4
ብግዝኣት ሕጊ፡ መን ኣብ ልዕሊ መን ክወሪዝ ይኽእል፡
The Organization for Economic Co-operation and Development

ገጽ 5
ሳሕል ጽ'ባሕ ናጽነት!


ገጽ 7
ምልክታ

# 8ይ ዋዕላ ውዳበታት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ብወግዒ ተኸፊቱ





8ይ ዋዕላ ውዳበታት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፡ "ጽንዕ መሰረት - መቕድም ራኢ" ብዝብል ቴማ፡ ብ28 ሓምለ ኣብ ዳላስ - ቴክሳስ ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብዚ ብሓለፌ ውድባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ የሰፍ ሳይቕ ዝተኸፍተ ዓመታዊ ዋዕላ፡ ካብ ዝተፈላለያ ግዝኣታትን ከተማታትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመጽኡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊታት ዕድመ ዝርከቡ 450 ኣባላት ውዳበታት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሕድሪን ካልኦትን ዝርከብዎም ዜጋታት ይሳተፉ ኣለው።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ኣብ ዝሃቦ መኽፈቲ ቃል፡ እቲ ዋዕላ - ውዳበታትናን ውሸጣዊ ሓድነትናን ብምድልዳልን ሓብራዊ ሃገራዊ ንቕሓትና ብምብራኽን ክጥመና ንዘኽእሉ ብደሆታት ብበቐዓት መኪትና ንምውጻእ ዘደሊ ድልውነት ንምርግጋጽ ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ።

"ዲፕሎማሲያዊ ዓወታት፡ ሃለብራቕ ውሸጣዊ ኩነታት'ዩ" ዝበለ ኣቶ ብርሃ፡ ውዳበታት ንምስፋሕን ተሳትፎ ህዝብና ኣብ ሃገራዊ ጉዳያቱ ንምዕዛዝን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኻየደ ትገሃ ጻዕርን ተበግሶታትን ዝማሰገን ወጻኢት ከምኡ'ተረኽቦ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ዝያዳ ንምዕዛዝ፡ ተሳተፍቲ ዋዕላ - ውድባውን ፖለቲካውን ዕምምት ብዕምቈት ንምግምጋም ንጹር መደባት ስራሕ ክሕእሉ ተላበዩ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሰፍ ሳይቕ ብወገኑ፡ ዋዕላታትናን ፈስቲቫላትናን ንሕሉፍ ስራሓትና ንምግምና ናብ ዝሓሸ መጻኢ ክወስደና ዝኽእል መርሓ ጎደና እንሕንጸጸሉን እንቕየሰሉን መድረኽ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዕቱብ ገምጋም ብምክያድ፡ ውርጹጽ መደባት ክሕንጸጽ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ የሰፍ ብዘውሃቦ፡ ንዞቤታዊ ኩነታትና ብመንጽር ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ብምትንታን፡ ኤርትራ ካብ ግዳማዊ ምትእትታዋት ናጻ ዝኾነ፡ ዝባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ንእትኽተሎ ንጹር ፖሊሲታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብዚ ዋዕላ ኩለን ውዳበታት ጸብጻባተን ከቕርባ ከለዋ፡ ንተሞክሮን ናይ ነዊሕ ሪጅፈ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትምህርቲ ብመንጽር መበል 50 ዓመታት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ምውናን ሃገራዊ ትረኻን ዘመናዊ ስርዓት መራኸቢታትን፡ ከምኡ'ውን ንኣተኣኣሊያን ኣፈታትሓን ግርጭታት ዝምልከት መግለጺታት ተዋሂቡ።

8ይ ዋዕላ ውዳበታት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ክሳብ 31 ሓምለ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ክቕጽል'ዩ።

---

# ሃ/ማ/ሓ/ስ/ኩ/ኤ፡ ንኣባላቱ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ዓዲሉ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ማሕበራቁጠባዊ ኩነታት ኣባላቱ ንምምሕያሽ ብዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ 2026 ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምዝዓደለ፡ ብ28 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ማእከላይ ባይቶ ኣብ ዘቃያ መበል 12 ስሩዕ ኣኼቡ፡ ልቓሕ ንዝሓለፈ ምዕዳል፣ ምድላው ፕሮጀክትታት ምትካል ጀርባ ጭቡጥ፡ ምእካብ ክፍሊት ኣባልነት፣ ንኣባላት ዝውሃብ ኣገልግሎታትን ካልእ ንጥፈታትን፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ካብ ዝተዓሙ ንጥፈታት ማሕበር ምዃናም በሪሁ።


ስእሊ፡ የውሃንስ መብርሃቱ

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንሓርበኛታት ሰንኩላን ናይ ምጥያስ ንጥፈታት ሓደ ካብቲ ብኣተኩሮ ዝሰራሓሉ ዘሎ መደባት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝርከቡ ሰንኩላን ብሕርሻ ናይ ምጥያስ መደባት ብሰፊሑ ከምዝተሰላሰለ ሓቢሩ።

ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ብምውህሃድ'ውን ኣብ ምምሕያሽ ቁጠባዊ ህይወቶም ዝተኩረ መደባት ከምዝትግበር ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ን156 ሰንኩላን ምርኩሳ ክዕደል ከሎ፣ ን372 ኣባላት ድማ ልዕሊ 70 ሽሕ ናቕፋ ንመሐከሚ ዝውዕል ወጻኢታት ከምእተኻፈለ ተገሊጹ።



ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ሰሩዕት ኣባላት ማሕበር ብጽፈት ክተሓዝ፣ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ኣብ ማሕበር ንምዕባይ ክሰራሕ፣ ሰንኩላን ብበበቦኦም ንዝርከብ ትካላት ምንቅስቓስ ኣካላት ብግቡእ ክጥቀሙሉን፣ ዘይተመልሰ ልቓሕ ንምምላስ ክሰራሕ፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት ኣገልግሎት መጓዓዝያ ቁልሕታ ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ 19,754 ምዝጉባት ኣባላት ኣለውዎ።

ዜና

# ዓዲቐይሕ - ብኣብነታውያን ሓረስቶት ዝለምዐ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ብርኩት ምህርቲ ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ብኣብነታውያን ሓረስቶት ኣብ 20 ሄክታር ዝለምዐ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ብርኩት ምህርቲ ተረኺብዎ።

እዚ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2025 ወርሒ ለካቲት 2026 ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ተኾንዳዕ ማእለውያ፡ መንደፈራ፡ ሓይሓባን ኣወህዘን ን36 ሓረስቶት ዝተዓደለ 402 ኩንታል ካልኣይ ወለዶ ኤለክትራ፡ 5,226 ኩንታልዩ ተሓፊሱ።

ከኣ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ መንግስትኣብ ኣርኣያ፡ መንግስቲ ኑዩም ሓረስቶት ካብቲ ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ዋጋ 25 ሚእታዊት ወሲኹ ከም ዝገዝኡሉም ብምሕባር፡ ኣብ መኽዘን ካብ ዝኣተወ ዘርኢ እቲ 645 ኩንታል ናብ ንኡሳን ዞባታት ሰገነይቲ፡ ሰንዓፈ፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ዓዲ-ኳላን ከም ዝተላእከ ሓቢሩ።

ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ዝተጠቐሙ ሓረስቶት፡ ካብ ሓደ ኩንታል ልዕሊ 15 ኩንታል ከምዝረኸቡን ምስ ምልምማድ እናዘደ ይኸይድ ከምዝሎን ብምጥቃስ፡ ዝተረኸበ ምህርቲ ንዘርኢ ምእንቲ ክገልግል፡ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ ኣብ ዝርከብ ኣርባዕተ መኽዘናት ከምዝዕቀብ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብቲ ን/ዞባ ኣቶ የውሃንስ ክፍለማርያም ብወገኑ፡ ኣፍልጦን ተጠቃምነትን ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ካብዚ ዘለዎ ንኽፍዕብ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝጥፍ ማሕበር ከምዝቖመ ኣፍሊጡ።



ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣብ 2017 ብሓደ ሓረስታይ ዝተፈተነ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ኣብዚ እዋንዚ ልዕሊ 57 ኣብነታውያን ሓረስቶት የዘውትርዎ ከምዘለዉ፡ ክኢላታት ይገልጹ።

ብኻልእ ወገን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ 80 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ብንኡሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ኣብ 114 ሄክታር ንኽዝራእ፡ ኣብ ሽድሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ንዝርከቡ 530 ሓረስቶት ብርትዓዊ ዋጋ ከምዝዓደለ፡ ክኢላ ንኡሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ኣቶ ተስፉ ጠዓመ ሓቢሩ።

# ኣስማጥ - ምጥርናፍ ዓድታት ክድፋኣሉ ጻውዒት ቀሪቡ

ዘይምቹእ ቅርጺ መሬትን ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ኣብ ዝወሃብ ኣገልግሎት ብሓፈሻ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ድማ ብፍላይ ኣገዳሲ ብዓቢ ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ኣብ ማእከላይ ቦታ ክጥርነፍ፡ ሓላፊ መደበር ጥዕና ሽጋሊ - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ነርስ ኢብራሂም ጅምዕ ጸዊዑ።



መደበር ጥዕና ሽጋሊ ኣብቲ ከባቢ መሰረታዊ ፍታሕ ብምፍጣሩ፡ ኣብ ትካል ጥዕና ናይ ዝሓርሳ ኣደታት መጠን ብኣሰታት 10.5 ሚእታዊት፡ ክትትል ቅድሚ-ሕርሲ ናይ ዝገብራ ነፍሰጾራት ድማ ብ17.7 ሚእታዊት ዕብየት'ኳ እንተርኣየ፡ ዘይተሸፈነ ከባቢታት ስለዘለዉ፡ ፋሕ ኢለን ዘለዋ ዓድታት ናይ ምጥርናፍ መደብ ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ህዝቢ ኣብ ሜላታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ዘለዎ ንቕሓት ሳላ ዝበረኸ፡ መጠን መልከፍቲ ትሕቲ ዜሮ ወሪዱ ከምዘሎ ዝሓበረ ነርስ ኢብራሂም፡ ከም ዝመርሖ ሓብራዊ ጽሬት ንምርግጋጽ ብዘተገበረ ጻዕሪ፡ እቲ ሽፈነ 85 ሚእታዊት በጺሑ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ መውዳእታ፡ ብደረጃ ኮም ብዝተወሰደ ተበግሶ፡ እታ መደበር ጹሒያዊ ጸዓት ሳላ ዝተዋደደላ፡ ሽፈነ ክታበት ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት 100 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ገሊጹ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ 2022 ዝተኸፍተት መደበር ጥዕና ሽጋሊ፡ ንዓድታት ሓወጺ፡ ሽጋሊ፡ ኣክዋር፡ ኣሰማጥ፡ ቁሸን ምልምልታን ኣገልግሎት ትህብ።

# ማእከል - ተጠቀምቲ ጽርግያ ሕግታት ትራፊክ ከኽብሩ ጻውዒት ቀሪቡ

ሓደጋታት ተሽከርከርትን ሳዕቤናቱን ንምክልኻል፡ ተጠቀምቲ ጽርግያ ሕግታት ትራፊክን መምርሒ ብዓል-መዚ መጉዓዝያ ምድሪን ከኽብሩ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ ነዚ ጻውዒት ዘቕረቡ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ንዝተመዝገበ ጥሕሰትን ሓደጋታት ተሽከርከርትን ኣመልኪቱ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ'ዩ።

ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ሰነ ናይ'ዚ ዓመት 41,463 ተሽከርከርቲ ብምጥሓስ ሕጊ ከምእተኸሰሳን ከም ዝፈጸምኦ ጥሕሰት ብጠቕላላ ልዕሊ 7.5 ሚልዮን ናቕፋ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምእተበየነለንን ገሊጹ።

ንሓደጋታትን ሳዕቤኑን ብዝምልከት፡ ብዘጋጠመ 1,327 ሓደጋታት ተሽከርከርቲ፡ 28 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 356 ቀሊልን ከቢድን ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ኣብ ንብረት ድማ ኣስታት 10 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከምዝስዓበ ሓቢሩ።



ቀንዲ ጠንቂ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ፡ መስተ ሰቲኻ ምምራሕ፡ ምሓር ናህሪ፡ ርሕቀትካ ዘይምሕላው፡ ከምኡ'ውን ምልክታት ትራፊክ ዘይምኽባር ከምዝጠቓልል ዝጠቐሰ ሜጀር ሃብተ፡ ብሽክለታታት ናብ ቻርጆር ዝቕይሩ ዘለዉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይተፈቕደሎም ንጥፈት ዝተዋፈሩ ወነንቲ ኮድ-1 መካይን፡ ካብ ዘይሕጋዊ ስራሕ ክቖጠቡ ኣተሓሳሲቡ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ 1284

# ዓዲቐይሕ - ንምንቅስቓስ ከሸግር ዝጸንሐ ከባቢ ብወፈራ ተሰሪሑ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሃዳሙ፡ ሕሽመሉ፡ ሓይሓባን ዑናቡርን ገዛውቶምን ጉልበቶምን ብምውህሃድ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ንምንቅስቓስ ሰብን ተሽከርከርትን ከሸግር ኣብ ዝጸንሐ ብ'መስገሪ ቀላይ ጥኑዳ' ዝፍለጥ ቦታ፡ ብወፈራ መሰጋገሪ ሰሪሖም።

ኣባላት ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ቦታ ብፍግረ-መሬት እናተባልሐ ንምንቅስቓስ የሸግር ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኣስታት 400 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ ብስሚንቶ ገይሩ ድንድል ከምዝሰርሖ ገሊጾም።

እቲ መሰጋገሪ 50 ሜትሮ ንውሓት ኣለዎ።

# ድባርዋ - ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ንኽዋፈራ ተተባቢዐን

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ዝርከባ ኣባላቱ ብማሕበር ተጠርኒፈን ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክዋፈራን ምንጪ ቁጠባዊ እቶተን ክወሕሰን ዝሕግዘን ባይታ ብምፍጣር፡ 20 ዘመናዊ ቆፎታት ሓጊዙ ኣበርኪቱለን።

ብ26 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊት ሃማደኤ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ትርሓስ ኣደሮሰም ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ እተን ኣብ ማሕበር ዝተጠርነፋ ብምምሕዳር ከባቢ ዝተለለያ ምኳነን ብምጥቃስ፡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ብምርባሕ ንህቢ፡ ምስራሕ ጋቢላዊ ቆፎ፡ ክኽንን ንህቢን ምብርባር መዓርን ከምዝሰልጠና ገሊጹ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ብወገና፡ ካብ ብዙናጸል ኣብ ማሕበር ተጠርኒፈን ምስ ዝሰርሓ ዝበለጸ ረብሓ ከምዝረኽባ ብምጥቃስ፡ ኣፍረይቲ ንክኾና ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላቢየን።



ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ጉብረእየሱስ ድማ፡ እተን ንኡስ ዞባ ብዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምርባሕ ንህቢ ምቹእ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ማሕበር ኣድማዒ ስራሕ ንኽሰላስል፡ ደገፍ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ከምዘይፍለዮ ኣረጋጊጹ።

እቲ ብደገፍ ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ቈይሙ ዘሎ ማሕበር ምርባሕ ንህቢ፡ ብ20 ዘመናዊ ቆፎታትን 10 ጋቢላዊ ቆፎታትን'ዩ ተበጊሱ ዘሎ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጎስ

## ቁጠባዊ ዕብየት ብመንጽር ዓውደ-ትምህርቲ

ምርግጋጽ ቁጠባዊ ዕብየትን ልምዓትን ዕላማን ባህግን ዝተፈላለያ ሃገራትን ህዝብን እዩ። እዚ ክውን ንምግባር ድማ ዝተፈላለየ ኣብ ምምንጫውን ምፍላቕን ሜላታትን ስትራተጂታትን ኣብ ምምዕባል ከምኡ'ውን ግብራዊ ዕዮታት ኣብ ምስልሳል ይጽመዱ። የግዳስ ኩለን ከምቲ ዝሓስብኦ ኣይሰልጠናን። ገለኣን ዕላመኣን ከሞራ እንክለዋ ገለኣን ድማ ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ በጺሐን ይዕቡ። ገለኣን በርሽን ንድሕሪት ይምለሳ ገለኣን ከኣ ካብ ባይታ ንላዕሊ ይብርኻ። ገለ ከኣ ርኡይ ለውጢ ከየርኣያ ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ዕንክይክይ ይብላ። እዚ ፍልልይ ምኽንያቱ ወይ'ውን ጠንቅታት ሓደ ስለዘይኮነ መልሱ'ውን ሓደ ከምዘይኮነውን ኣይዘንጋዕን። ሃገራት ዝተፈላለየ ባህርያትን ኣቃውማን ስለዘለወን ሓንቲ ሃገር ዝተዓወተትሉ ወይ ዘድማዐትሉ ኣገባብ ቀዲሕካ ክትግበር ከምዘይከኣል ብዙሓት ናይ ዕብየትን ልምዓትን ፈላጣት ይሰማምዕሉ። ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ተመክሮ ሃገራት ምድህሳስን ምኩምሳዕን ኣማት፡ ሓበሬታን መረዳእታን ዝርከቦ ምዃኑ ይሰማምዑ። ንሎሚ ድማ ዳን ዋንግ 'ብሬክኔክ፡ ጉዕዞ ቻይና ኣብ ምህንዳስ መጻኢ' ብዝብል ኣርእስቲ ካብ ዝጸሓፉ መጽሓፍ ዝሰፈረ ትሕዝቶ ቀሪቡ ይርከብ። ዳን ዋንግ ቻይናዊ ማብቆል ዘለዎ ካናዳዊ'ዩ።

### ቻይና - ናይ ምህንድስና ሃገር

ቻይና፡ ካብ ምህናጽ ዘይተቋርጽ ናይ ምህንድስና ሃገር'ያ። ኣመሪካ ድማ ጥበቓና ባህሊ ዝኾላ ሃገር'ያ። እዚ ባህሊ ከኣ ክትዓግቶ ንዘኽእለት ኩሉ ናይ ምዕጋት ልምዲ ኩተጥሪ ዝደረኸ'ዩ። ብትኽክል ንምዝራብ መራሕቲ ዘመናዊት ቻይና መሃንድሳት እየም። ዶን ሾፒን ኣብ 1980ታት ከምኡ'ውን ኣብ 1990ታት ንመሃንድሳት ናብ ላዕለዋይ መንግስታዊ ጽፍሒ ከምዝድይቡ ዝገበረ'ዩ። ኣብ 2002 ድማ ትሸዓቲኦም ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ናይ ቻይና ብምህንድስና ዝተማህሩ ነበሩ። ዋና ጸሓፊ ሁጂን ታው ብናይ ሃይድሮሊክስ ምህድስና ዝተመረቐን ኣብ ምህናጽ ዲጋታት ናይ ዕቑዳት ተመክሮ ዝበሮን እዩ። እቶም ዝተረፉ ሸሞንተ ብጹእ ድማ ናይ ሶቭየት ናይ ከበድ-ኢንዱስትሪ 'ኮንግሎመረይት' ክኢዱ ዝኽእሉ፣ ብናይ 'ኤሌክትሮን ትዩብ' ከምኡ'ውን 'ተርማል' ምህንድስና ካብ ማእከል ሓጺን በይጂን ከምኡ'ውን ካብ ማእከል ቴክኖሎጂ ሃርቢን ዝተመረቑን ኣብቲ ፈላሚ ሚኒስትሪ ምድላው ማሽን ከምኡ'ውን ኣብ ፋብሪካ ኣርቲፊሻል ቦርድ ማሽነሪ ሻንጋይ ናይ ስራሕ ተመክሮ ዝበርዎምን እየም።

ናይ ሕጂ መራሒ ቻይና ሺጂን ፒንግ እውን እንተኾነ ኣብ ቻይና ዝለዓለ ናይ ስፍልጠት ዩኒቨርሲቲ ካብ ዝኾነ ሸንህዋ ዩኒቨርሲቲ ብኬሚካላዊ ምህንድስና ዝተመረቐ'ዩ። ኣብ 2022 ዋና ጸሓፊ ሰልፊ ዴሳዊ ቻይና ኮይኑ ኣብ ዝተመርጸሉ ድማ እቲ ፖሊትብሮ'ውን ኣብ ሚኒስትሪታት ኤሮስፔይስን ኣጽዋራትን ብዘዮዱ ኣካየድቲ ስራሕ'ዩ ተመሊኡ። እዚ ብናይ ኣመሪካ ኣብኡት ምስ ዝግለጽ፡ ኣካያዲ ስራሕ ቦይንግ ናይ ኣላስካ ኣመሓዳሪ፡ ናይ ሎክሂድ ማርቲን ሓለቓ ናይ ጸዓት ጸሓፊ፡ ናይ ናሳ ሓላፊ ድማ ናይ ክፍለ-ሃገር ጆርጂያ ኣመሓዳሪ ከም ምዃን'ዩ። እዚ ከኣ ንቻይና ዝመርሐ ልሂቃን ገዛፍቲ (ሜጋ) ፕሮጀክትታት ናይ ምምሕዳር ተመክሮ ዝደለቡ ምዃኖም ዘመልክት'ዩ።

እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ድሕረባይታ ምስ ቁጠባዊ ዕብየትን ልምዓትን ዘተኣሳስሮ እንታይ ምዃኑ ንምግንዛብ ክትለዓል ዘለዎ ሕቶ ኣሎ። መሃንድሳት እንታይ እዩ ዝበርህም ወይ ከሰላስልዎ ዝይልዩ፧ መልሱ፡ ምህናጽ'ያ። ነስታት ቻይና፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ንሕርሻ ክጸራረግ ዝኽእል ግዙፍ ውሓይዝ ክገርሑ ፈቲኖም'የም። ኣብዚ እዋን ከኣ ከም ጽርግያታት፡ ድልድላት፡ ገልርያታት፡ ዲጋታት፡ መመንጨዊታት ጸዓትን ሓያስቲ ከተማታትን ዝበለ ልምዓታዊ ትሕተ-ቅርጺ ምስራሕ ቀንዲ ዕማም ናይዛ ብመሃንድሳት ትምራሕ ሃገር'ዩ። ዶን ሾፒን እርማ ካብ ዝጀመረሉ ካብ 1980ታት ኣትሒዙ ብቻይና ናይ ዝተሃንጸ ቀንዲ-መስመራት (ሃይወይ) ንውሓት ክንዲ ክልተ-ዕጽፊ ናይ ኣመሪካ እዩ፣ ካብ ናይ ጃፓን ብዕስራ ዕጽፊ ዝዓቢ ልዑል-ቅልጣፈ ናይ ዘለወን ባቡራት መርበብ ተሰሪሑ፣ ኣብ መዳይ ጸሓያውን ንፋሳውን ጸዓት ዘፍረያቶ ድማ ምስቲ ዝተረፈ ሃገራት ዓለም ዘፍረይኦ ዝመዓረረ'ዩ። እቲ ናይ ምፍራይ ወኻ ኣብ መንግስቲ ቻይና ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን። እቲ ናይ ኮርፖረሽናት ጸላት'ውን እንተኾነ ኣዝዮም ንጡፋት ብዝኾኑ ኣፍረይቲ ዝተመልአ'ዩ። ብሓርፋፍ ገምጋም ካብ ሓደ-ሰሶ ክሳዕ ፍርቂ ኣብ ፋብሪካ ዘለዉ ንኣብነት ንህንጻ ዝኸውን ሓጺን ናይ መራኽብ ኮንተይነራት፡ ናይ ጸሓያዊ ጸዓት ፓነል ወይ ዝኾነ ካልእ ኣብ ቻይና እዩ ዝፈሪ። ቻይና'ውን ኣብ እዋን ምሽት ብናይ ድሮን መብራህቲ ዝብረቕርቓ ከተማታት ወይ'ውን ልዑል ቅልጣፈ ብዘለወን ባቡራት ንዝራኸባ ከተማታት ከመልክቱ እንክለዉ ድማ ሓበናም ኣብ ባይታ ካብ ዘሎ ዝምንጩ'ዩ።


### ኣመሪካ - ንኽኢላታት ሕጊ ትምእምእ ሃገር

ኣመሪካ ብኣንጻሩ ክኢላታት ሕጊ ዝመርሕዎ፡ ክኢላታት ሕጊ ዘካይድዎን ንኽኢላታት ሕጊ ዝምእምኣን መንግስቲ ዘለዋ ሃገር'ያ። ሓሙሽተ ካብዞም ናይ መወዳእታ 10 ፕረዚደንታት ኣመሪካ ሕጊ ዘጽንዑ እየም። ዝኾኑት ዓመት ከም መወከሲ ምስ ትወስድ ፍርቂ ካብ ኣባላት ኮንግረስ ናይ ሕጊ ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎም ይኾኑ። ዝሓሸ ኣብ ዝበዘለሉ እዋን ከኣ ብኣጻበዕ ዝቑጸሩ ስፍልጠት ወይ ምህንድስና ዘጽንዑ ደርከበ። ካብ 1984 ክሳዕ 2020 ናይ ሰልፊ ደሞክራትስ ፕረዚደንታዊ ሕጹይን ምክትሉን ሕጊ ዘጽንዑ እየም። ናይ ሰልፊ ሪፓብሊካን ልሂቃን ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሓለፍቲ ሲቪላዊ ምሕደራ'ውን ከምኡ ሕጊ ዘጽንዑ እየም። ብመንጽሩ መሃንድስ ኮይኖም ዝጸዩ ፕረዚደንታት ኣመሪካ ሀርበርት ሁቨርን ጂሚ ካርተርን ጥራይ እየም።

ምህናጽ ናይ መሃንድሳት ተግባር እንተኾይኑ ክኢላታት ሕጊ ኸ እንታይ እዩም ዝገብሩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ'ዩ። ክኢላታት ሕጊ ንምህናጽ ዘደናጉ ወይ ዝዓግቱ ሓያለይ መሳርሒታት ዝውንኑ እየም። ንሕጊ 'ታቦቱ' ካብ ዝገበረ ሕብረተሰብ ናብ ናይ ምህንድስና መንግስቲ ክትክይድ እንክለኻ ፍልልዩ ጥራይ ኣይኮነን ትግንዘብ - ብዕዮኡ ሽናዕ ትብል፡ ትሰንጉምን ትሳለ። ኣመሪካውያን ከምቲ ናይ ቀደሞም ኣየፍርዩን እየም ወይ ልምዓታዊ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ እዋኑ ወይ'ውን ከም ቅቡል ኣብ ዝቖጸር ግዜ ኣይፍጽሙን እየም። ናይ ኣመሪካ ትሕተ-ቅርጺ ናብ ዘሕዝን ደረጃ ክወርድ እንክሎ ቻይና ግና ሓደሽ ትሕተ-መሬት ዝሽይድ መስመራት ባቡር፡ ድልድላትን ቀንዲ ጽርግያታትን ትሃንጽ ኣላ። ኣብዝን ዝሓለፉ ሰለስተ ዕቑዳት፡ ቻይናውያን ስናዕቲ (ማኑፋክቸረርስ) ልሂቃና ኣብ ቀዳምነታቶም ርኡይ ለውጢ ገበሩ። ኣመሪካውያን እቲ ከም ጎድናዊ ወጽኢት ናይቲ ቁጠባዊ ዕብየት ዝርኣይዎ ከም ኣኩብየዊ ዕንወት፡ ቀንዲ ጽርግያታት ብጠዛሊ ምስራሕ፡ ናይ ኮርፖረሽናት ረቡሓ ልዕሊ ህዝባዊ ረቡሓ ምስራዕ ከተሓሳስቦም ምስ ጀመረ፡ ናይቶም ክኢላታት ሕጊ ኣደህቦ ከኣ ናብ ክርክርን ቁጽጽርን ተለወጠ፡ እቲ ተልእኾ ድማ ብዘተኻእለካ መጠን ንዝበራት ደው ምባል ዝብል ኮነ።

2008 ኣብ መንጎ ካሊፎርንያን ቻይናን ዘሎ ፍልልይ ኣብ ናይ ምህናጽ ቅልጣፈ ቀጥታዊ ንጽጽር ትህብ ዓመት'ያ። ኣብዛ ዓመት፡ ናይ ካሊፎርንያ ኣድመጽቲ ብመንግስቲ ንዝተኣመመ ንሳንፍራንሲስኮን ሎስ ኣንጀለስን ዘራኽብ ናይ ልዑል-ቅልጣፈ መገዲ ባቡር ምወላ ዝድግፍ ድምጾም ሃቡ። ቻይና ድማ ንቤጂንግን ሻንግሃይን ዘራኽብ ናይ ልዑል-ቅልጣፈ መገዲ ባቡር ህንጻት ኣብታ ዓመት ጀመረት። ክልቲኡ መገዲ ባቡር ህንጻቱ ምስ ተዛዘመ ንውሓቱ 1,288 ኪሎ ሜተር ዝበጽሕ'ዩ።

ቻይና ንመስመር በይጂንግ-ሻንግሃይ 36 ቢልዮን ዶላር ኣውጺኣ ኣብ 2011 ኣገልግሎቱ ክምዝጅምር ገይራቶ። ኣገልግሎቱ ኣብ ዝጀመረሉ ቀዳማይ ዕቑድ ከኣ 1.35 ቢልዮን ናይ ጊያሾ ጉዕዞ ኣሰላሰለ። ካሊፎርንያ ድማ እቲ ድምጺ ካብ ዝተዋህበሉ ድሕሪ 17 ዓመት ንእሽቶ ዝርግሐ ዘለዎ ንኽልተ ከተማታት ተራኽብ መገዲ ባቡር እያ ሃሪጻ፡ እተን ከተማታት'ውን ናብ ሳንፍራንሲስኮ ወይ'ውን ሎስ ኣንጀለስ ዝቐረባ ኣይኮናን። ዝተሓደሰ ገምጋም ወጻኢታት መስመር መገዲ ባቡር ካሊፎርንያ 128 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ከምዝበጽሕ የመልክት። ስለምንታይ ክንዲዚ ዝኣክል ወጻኢ ጠለበ፧ ብገለ መዳዩ ገለ ፖለቲከኛታት እታ ባቡር ንሳቶም ብዘወክልዎ ከባቢ ክትሓልፍ ስለዝጠለቡ፡ ብሽንኩ ድማ ኣዝዩ ኣጺጋሚ ዝኾነ መስመር ክኸተል ግድን ስለዝኾነን'ዩ። እቲ ካልእ መዳይ ድማ ብዓልመዚ መገዲ ባቡር ካሊፎርንያ ብመጠን ናይቲ ዘሕጽፎ ሓዲድ ካብ ምዝራብ ንላዕሊ ብጠዛሊ ፈጠረዮ ዝበሎ ልዑል ዝኽፍሊቱ ሽቕለት ምምዳር ስለዝመረጸ ምኽኑ ይግለጽ። ወግዓዊ ግምት ናይቲ ዕዮ ከምዝመልክቶ ድማ እቲ መገዲ ባቡር ኣብ 2030-2033 ኣብሉ ስራሕ ከምዝጅምር'ዩ። እዚ ከፊላዊ መስመር ናይ ካሊፎርንያ ክጅመረሉ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ ገደብ ግዜ (3 ዓመት) ድማ ቻይና፡ ንበይጂንግን ሻንግሃይን ዘራኽብ መገዲ ባቡር ዝዛመትሉ መቓን ግዜ'ዩ።




ናይ ሎሚ ቻይና፡ ልክዕ ከምታ ቅድሚ ሓደ ዘመን ብምህናጽ ንብለል ምኗና ዘመስከረት ኣመሪካ ክትምስል ትኽእል። ናይ ሎሚ ኣመሪካ ኸ እንታ'ዩ ናብዚ ኣብጺሕዋ፧ ኣብ 1960ታት ኑዩዲ ናብ ባሕሪ ክልሑኽ፡ ከተማታት ሰማያተን ትኪ ክዕብልኽ፡ ካብ ፋብሪካታት ዝሉሓኽ ኬሚካላት ውሓዝያት ክበክል ምስ ጀመረ እቲ ዘሰፋሕፍሕ ዝበረ ህንጻዊ ስርሓት ኣመሪካ ክዘሕል ተረኺዩ። ከተማታት ኣመሪካ ከበብአን ቀንዲ መስመራት ጽርግያ ተቖሪዩ። ሕጋዊ ኣድልዎ ኣመሪካ ንሰብት ብዓሌት ዝደርት ናይ ምድማጽ መሰል ዝፍግ ኮነ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ሓፋሽ ኣብ ልዕሊ'ቶም መንበሪ ገዛውቲ ኣዕጾም ከተማታት ዝሃንጹ ዝበሩ ክኢላታት ውጥን ከተማን ካልኦት ኣካየድቲ መንግስትን ተቐጥዐ። ኣብ ብሉጻት ናይ ሕጊ ቤት ትምህርታት ብፍላይ ድማ ኣብ የልን ሃርቫርድን ዝበሩ ልሂቃን ሕጊ ከኣ ሃንደበት ተላዕሉ።

ተማሃሮ፡ 'ነውራምት ደካሰሱ' ብዝብል ጭርሖ ንኣከቢ ዝጣበቓ ማሕበራ ኣቐሙ። ኣብ 1970ታት ድማ ጸጋማውያንን የማናውያንን ኣመሪካውን ኣድማዕት መንግስቲ ምእንቲ ክድርቱ ብወህደት ሰርሑ። ገለ ውልቀሰባት ከኣ ንኡብኦም ከም ተቓጻጻርቲ መንግስቲ ብምቑጻር ኣብ ቀጻሊ ክሲ ኣንጻር መንግስቲ ተጸምዱ። ሮናልድ ሬገን ፕረዚደንት ኮይኑ ምስ ተመርጸ ድማ "መንግስቲ ጸገም እምበር ፍታሕ ኣይኮነን" ብዝብል መግለጺ ኣሞጎሶም። እቲ ናይ ምጥጥቓን ሕግን ዝንባለ ኣድላዪ ንዝበረ መኣረምታ ንምድራኽ ዝመጸ'ዩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግና እዚ ባህሊ ኣብዚ እዋን ናይ ዘሎ ብዙሕ ጸገም ጠንቂ ምኳኑ'ዩ።

ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝኾነ ጉጅለ ብዝተፈልየ ክኢላታት ሕጊ ዝወጸም ፍቓድ ዋጋን ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ክትትዎም ዝኽእል'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ባህ ዝበሎም ምህራዊ ክሲ ዲጉ-ዲጉ ክብሉ ዕድል ይህቦም። "ናይ ኣመሪካ ከበርቴ" ይብል ቶክቪል "ብሃብታማት ዝቖመ ኣይኮነን...እንታይ ደኣ ንደያትን ጠበቓታትን ዝሓቖፈ'ዩ።" እዚ ቶክቪል ዝበሎ ኣብ 1833 እዩ። ካብኡ ሽዑ ጀሚሩ ድማ ክኢላታት ሕጊ ኣመሪካ ሓይሎም ወሲኹ እምበር ኣይጎደለን። ኣብዚ ቀረባ ዕቑዳት ከኣ ክኢላታት ሕጊ ንሰቑጠበኛታት ከይተረፈ ኣብ ምድላው ፖሊሲ ክሕይልዎም ተራእዮም እየም። ቤት ፍርድታት ኣመሪካ ድማ ፖለቲካዊ ሕቶ'ውን እንተኾነ ብጠዛሊ ዘኣንግዳ ኮይነን ይርከባ። እዚ ከኣ ብድምጺ ዘይተረኸበ ፖለቲካዊ ዓወት ክኢላታት ሕጊ ኣብ ቤት ፍርዲ ክረጋገጽዎ ስለዝደልዩ እዩ።

ኣብ ኣመሪካ ብሕጊ ዝቐየድ ሕብረተሰብ ብምህናጽ ዝኣረሞ ሕሉፍ ጌጋታት'ኳ እንተሃለዎ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘናኽሞ ክልተ ሕማማት ግና ኣስዒቡ'ዩ። እቲ ቀዳማይ ንመስርሕ ልዕሊ ወጽኢት ከምዝዘበርኽ ምግባር'ዩ። መሃንድሳት ድንድላት ክረኣየም እንክሎ ሰቡሞያ ሕጊ ግና ኣገባብ (መስርሕ) እዩ ዝረኣየም። ክኢላታት ሕጊ ገለ ነገር ካብ ምፍጣር ንላዕሊ ንዘኾነ ነገር ደው ክብል ዘኽእል ናይ ሕጊ ዓንኬል ዘለዎም እየም። መንግስቲ ዝኾነ ንኣብነት ብኽለታ ዝሰዓሉ መገዲ ክሰርሕ እንተደልዩ ኣቐዲሞም ዝሕልኹዎ ክንዲ እምባ ዝኾኑ ኣገባባት ኣለዉ። እቲ ኒታ መገዲ ዝሃንጽ ትካል ክምልሾም ዘለዎ ሓያለይ ሕቶታት ኣለዉ። ምኽንያቱ ገለ ሰባት ንሓደ ዳኛ ኣከባብያዊ ጉዳያት ናይቲ ህንጻት ብጥበእ ኣይተጸንዐን ኢሎም እንተኣሚኖሞ ምህናጽ ናይቲ መስመር ብሽክለታ ብቐሲ ክደናጎ ምኽኑ ስለዝፍለጥ። ኣብ ኣመሪካ ዝርዝራዊ መጽናዕትን ግምጋምን ድሕሪ ምኽያድ ዝህነጽ ንእሽቶ ክሽውን ድማ ዘርም ኣይኮነን። ኣመሪካውያን ከኣ እናሓደረ ዝቑንቁን ትሕተ-ቅርጻን ሓደት ሓያስቲ ህንጻትን ሐኮም ደርከበ።

ካልኣይ ጸገም ናይዚ ኣብ ኣመሪካ ዘሎ ኣብ ሕጊ ዘድህብ ኣካይዳ ድማ ናብ ርኹባት ዘኻሩ ምዃኑ'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ክኢላታት ሕጊ ናይ ሃብታማት ኣገልግልቲ እየም። ንኣብነት ሃብታማት ወሰንቲ ግዝወቲ ሓያስቲ ህንጻ ክስራሕ ስለዘይደልዩ ሓያስቲ ናይ ህንጻ ፕሮጀክትታት ክዕጉ እየም ዝደልዩ። ኣብቲ ምዕጋት ዝተሓጋገዝዎም ወይ'ውን ውሑድ ግብሪ ንክኸፍሉ ዝሕላተልዎም ሰባት ድማ ክኢላታት ሕጊ እየም። ክኢላታት ሕጊ ተኸላኸልቲ ናይ ሃብታማት ጥራይ ዘይኮኑ ንባዕሎም'ውን ሃብታማት እየም። እዚ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ናይ ሕጊ ክኢላታት ንሕብረተሰብ ኣየድልዩዎምን እየም ዝብል ቃና ንምፍጣር ከምዘይኮነ ክፍለጥ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ብጹኡ ዝፍጠር ብደሆታት ግና ዕሸሽ ዝበሃል ኣይኮነን።

ናይ ምህንድስና ሃገር ልዕሊ ውልቀምልኪ ወይ'ውን ምዕቡል ተኽኖክራሲ እያ። ቻይና ቁጠባዊ ዕብየትን ፖለቲካዊ ቁጽጽርን ብምውህሃድ ዝተዓወተት ሃገር'ያ። ናይ ቻይና ዕብየት ሓንቲ ሃገር ሓያለይ መሃንድሳት ኣሰልጢና ኣብ ዕዮ ከተሳትፎም ምስ ትኽእል ግዙፍ ዕብየት ከተርእን ክትብርኽን ከምትኽእል ዝሕምት'ዩ። ኣብ 1991 ብሰለስተ ሰቑጠበኛታት ዝተዳለወ ጽሑፍ ከምዘመልክቶ ብጠዛሊ ምሩቓት ምህድስና ዘለወን ሃገራት ካብተን ብጠዛሊ ምሩቓት ሕጊ ዘለወን ሃገራት ቀልጢፈን ቁጠባዊ ዕብየት ከምዝርእያ የመልክት። መሃንድሳት ኣካል ናይቲ ኣብ ቻይና ዝተረኣየ ቅልጡፍ ሃብትን ብልጽግናን ምኽናም ከኣ ዘሞግትእ'ዩ።

# ሓሳባት

## ብግዝኣት ሕጊ፡ መን ኣብ ልዕሊ መን ክወራዘ ይኽእል፧

ሲራክ ክፍለ

ብዞዕባ ፍትሕን ግዝኣት ሕግን ብዙሕ'ዩ ተዘሪቡን ተጻሒፉን። እዘን ናይ ልዕሊ ርብዒ መዋእል ግዝኣት ሕግን ዲሞክራስን ኣለና ዝብላ ሃገራት ምዕራብ፡ ነተን ዘይማዕበላ ዝብለአን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣሲያን፡ ላቲን ኣመሪካን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዝተፈላለየ መልክዕ ግዝኣት ሕጊ የብለንን ኢለን ይወቕሳ፡ ይውንጅላ። ክሳብ ዝተፈላለየ እገዳታት የንብራለን እየን። ሓንቲ ቀንዲ ግዳይ ዘንበዕ መግለጺ ግዝኣት ሕጊ ምዕራባውያን ከኣ ሃገርና ኤርትራ እያ።

ኣንጻር ህዝብና፡ ኣንጻር ሃገርና፡ ኣንጻር መንግስትና ክንደይ ዘይተባህለ፧ ካብኡ ናብኡ ግን፡ ጭብጢ ብዘይብሉ ምሕር ምድጋጋም ረሲሑ ናብ ርኢን ዝተቐየረ ጸለመ ብዞዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣብ ጥርዚ ዕብዳኖም ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ባርነት ክገልጹዎ ፈቲኖም፡ ማይ ዓሚኹም ምስ ተረፉ ስልቲ ብምቕያር ሓለይቲ መሲሎም 'ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡእ እዩ፡ ግን ናይ ኤርትራ ምሕር ነዊሑ' ኣብ ምባል ወዲቖም። ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ኣርእስቲ ብዞዕባ ዕላማ፡ ቁም ነገርን ረብሓን ሃገራዊ ኣገልግሎት ምትንታን ኣድላዪ ኣይኮነን። ጸለመኦም ብቐጥታ ንምምላስ ግን፡ እወ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድሕሪ 5ይ ዙርያ ልዕሊ'ቲ ንቡር ዝጀመረሉ ተናዊሑ እዩ። ምንዋሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግን ንምንታይን ስለምንታይን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ጥራሕ እዩ ዝምልከት። ማንም ወጻእተኛ ይኹን ኩዳሚ ናይ ወጻእተኛታት ልዕሊ እቶም ንሃገሮምን ህዝቦምን ዘገልግሉ፡ ቤተሰቦም፡ ህዝብን፡ መንግስትን ኤርትራ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክተሓሳሰቦ ኣይክእልን። ልዕሊ ኩሉ ከኣ እቶም ልኡላውነት ሃገርናን ህዝብናን ንክገሃስ ብሕቡኡን ብጋህድን ኩሉ ዝፈተኑ ወጻእተኛታትን ተሓባርቶም ተጣበቕቲ ሓለይቲ ኮይኖም ክቐርቡ፡ ላግጺ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ሃገሩን ልኡላውነቱን ንምርግጋጽ 30 ዓመት ተጋዲሉ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ልኡላውነቱ ንምዕቃብ ንልዕሊ 35 ዓመት ተጋዲሉ። ኣብ መስርሕ 65 ዓመታት ቃልሲ ንናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ሰለስተ ወለዶታት ኤርትራ፡ ዓጢቖም ብተወፋይነት ስለ ሃገር ተጋዲሎም እዮም። ንናጽነት ሃገር ዝወፈሩ ተጋደልቲ ክሳብ ሕጂ ኣስታት 50-60 ዓመት ንህዝቦም ኣገልጊሎም፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ይጋደሉ ኣለው። ልኡላውነት ዘውሓሱ ዋርሳይን ውሉዳቶምን እውን 30 ዓመት ንህዝቦም ኣገልጊሎም፡ ሕድሪ ቀዳሞት ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ገና ይጋደሉ ኣለው። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ኣብ ገድሊ እዩ ዘሎ። ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ገድሊ ልኡላውነትን




ሓርነትን እዩ። ኣብ መስርሕ ምስግጋር ንሓደ ክፋል ወለዶ ገድሊ ኤርትራ ፈሊኻ ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ልኡላውነት ንምውሓስ፡ ልምዓት ንምርግጋጽ፡ መንቡብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ እኳይዶ ገድሊ ሓደን ቀጻልን ሰንሰለት ስለዝኾነ።

ኣብዚ ሰንሰለት ተጋድሎ'ዚ፡ ሓላዪ ናይ ሓደ ክፋል ሰንሰለት ገድሊ ኤርትራ መሲልካ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነዊሑ ምባል፡ መርኣያ ታሪኽ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይምፍላጥ እዩ። ፈረንጂን ከደምቶምን ህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይ ካብ 50ታት ጀሚሮም ዝተፈላለየ ስልቲ ፈቲኖም እዮም፣ ግን ኣይሰለጦምን። ሎሚ ይኹን ንመጻኢ'ውን ኣይክሰልጦምን እዩ። ንሓደ ልቢ ምግማዕ ስለዘይከኣል። ንሕና ኤርትራውያን ከምኡ ኢና።

ይኹን'ምበር ኣብ ኤርትራ ኣይሰለጦም'ምበር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ኣብ ቱንዝያ፡ ግብጺ፡ ሊብያ፡ ሶርያ፡ ሱዳንን ካልኦት ሃገራትን ዝተራእዩ ብመባእታዊ ሕጽረት መግብን ካልእን ዝጀመሩ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ጉዳዩ ባዕሉ ብመሰረት ታሪኹን ተመኩሮኡን ጸገማቱ ክፈትሕ ምትብባዕ እቲ ጸገም ንሰማይ ክዓርግን ኣብ ዝኸፍአ ግርጭትን ቅዝፈትን ንክምርሕ ዘረሳሰኑ፡ ዝመወሉ ሃገራት ምዕራብን ናይ ስለያ ትካላቶምን ምዃኖም ስቱድ'ዩ።

ኩለን ሃገራት እንተላይ እተን ናይ ልዕሊ 250 ዓመት ደሞክራስን ግዝኣት ሕግን ኣለና ዝብላ በዳሂ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራዊ ከነታት የጋጥመን እዩ። ዝገርም ከኣ ኣይኮነን። ኣብ መሬት መላእ ህዝቢ ዘሰማምዓሉን ዘዓግበሉን ፍትሕን ናጽነትን ስለ ዘየለ። ክህሉ'ውን ስለ ዘይክእል።

ንዘመናት ብደረጃ ዓለም ይኹን ብደረጃ ሃገራት ናይ ሃብትን ኣታዊታትን ፍልልይ ነይሩ፣ ኣሎ፣ ክቕጽል ከኣ እዩ። ኩለን ሃገራት ነዚ መሰረታዊ ናይ ሃብትን ኣታውን

ሕቶ ብኸመይ የመሓድረኦ ቀንዲ ጠንቂ ሕብረተሰባዊ ግርጭት እዩ። ምሕደራ ሃገራዊ ሃብትን ኣታዊታትን ከኣ ብቐጥታ ንፍትሕን ግዝኣት ሕግን ይጸሉዎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብዝሓም 1% ዘይበጽሑ ውልቀሰባት ልዕሊ 90% ሃብቲ ሃገር ይውንኑ። ብደረጃ ሃገር ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓለም ደረጃ'ውን ኣዝዩ ልዑል ፍልልይ ሃብትን ኣታዊታትን ኣሎ። እቶም ሒደት ሃብታማት፡ ረብሓኦም ዝሕሎ፡ ረብሓ ናይቲ ዝበዝሐ መንዚዕካ ጥራሕ እዩ። ነቲ ዝምንዛዕ ረብሓ ሓፋሽ ቅቡል ዝገብር ፖሊሲታት ይሕንጸጽ፣ ይትግበር። ዕሚም ዝበለ ከኣ ብሕጊ ይቕጻዕ። ይእገድ። እዚ ኣብ ኩለን እኳ እንተዘይተባህለ ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት ዓለም ዘሎ ንቡር ኩነት እዩ። ይብዛሕ ይውሓድ ኣብ ኩለን ሃገራት መላእ ህዝቢ ዝዓግበሉ ፍትሒ፡ ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ የለን። እቲ ዝገርም፡ ምዕራባውያን ኣብ ሃገሮም ይኹን ኣብተን ሓደሽቲ ግዝኣቶም ኣታዊን ሃብትን ዘስዕቦ ግርጭት፡ ዘይፍትሓውነትን ግህሰት ግዝኣት ሕግን ከም ንቡር ይወስዱዎ። ህዝቦምን ህዝብታት ሓደሽቲ ግዝኣቶምን ኣብ ሃገሮም ዘሎ ፍልልይ ሃብትን ኣታዊታትን ንከየስተብህለሉን፡ ከይነቕሓሉን ኣብተን ከደምቶም ዘይኮና ዘይማዕበላ ዝብልወን ሃገራት፡ መንቡብሮ ህዝቢ ክፉእ ከምዘሎ ንምምሳል ብዙሕ ጽውጽዋይ ይምህዙ። እቲ ቀደም ግዜ፡ ህዝብታት ማሕበርነታዊ ስርዓታት ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ሕብረት ሶቭየትን ቻይናን ሕማቕ ከም ዘሎ ንምምስል ብዙሕ ተሰሪሑሉ እዩ። ሎሚ'ውን እንተኾነ ህዝቢ ቻይና ድዩ ህዝቢ ኤርትራ ሕማቕ ከምዘሎ ንምምሳል ዘይፍትኑዎ የለን።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት መንግስታት ሃገራት ምዕራብ ብሰንኪ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ጦብሎቅሎቕ ምባሎም፡ ኣብ ሃገሮም

ዘሎ ዘይፍትሓውነትን ውድቀት ግዝኣት ሕግን ኣዝዩ ኣሰካፊ ኮይኑዎም ኣሎ። ኣሰዒብና እቶም ኣዝዮም ምዕቡላት ዝበሃሉ ሃገራት ብዞዕባ ኣብ ሃገሮም ዘሎ ግህሰት ግዝኣት ሕጊ ባዕሎም ዘዳለውዎ ጸብጻብ ክንደህስስ።

### ግዝኣት ሕጊ ኣብ ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት OECD፧

ኣብዚ ዝሰዓበ ብOECD ኣብ 2025 ዝተዳለወ "ኣብ ጠለብ ህዝቢ ዝማእከለን ውጽኢታውን ስርዓት ፍትሒ ምሃናጽ - ግብረ-መልሳዊ ግዝኣት ሕጊ ምሕያል፡ Making Justice Systems More Effective and People Centered – Advancing a Responsive Rule of Law" ዝብል ጸብጻብ ብሓጺሩ ክንደህስስ ክንፍትን ኢና።

#### ኣብ መእተዊ ናይ'ቲ ጸብጻብ፡

(1)"ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ፡ ኮማትን ቢዝነስን ብዙሕ ሕልኽላኽን ኣሰካፊ ኩነታትን እናኣለዩ (navigate) ይሓልፉዎ ኣለው። ቁጠባዊ ነውጺ፡ ከበባያዊ ብድሆታት፡ ጂኦፖለቲካዊ ወጥሪ፡ ድጂታላዊ ምስግጋር ዘስዕቦ ብድሆታት፡ ተደማሚሩ ተደራራቢ ጸቕጢ የጋጥሞም ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ዘይንቡር ኩነታት ትካላት (መንግስቲ) ፍትሓውን ርትዓውን ግብራዊ መልሲ ዝህባ ክኾናን ምስ ተለዋዋጣይ ግዜ ክተዓጻጸፋን ትጽቢት ይግበረለን። እዚ ከኣ ውጽኢታዊ ሰናይ ምሕደራ (governance) ይሓትት።" ይብል።

ቀጺሉ፡ "ግዝኣት ሕጊ፡ ሰናይ ምሕደራ፡ ብልጽግና ርትዓውነትን ተኣማንነትን ከምዘረጋግጽ ርዱእ'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት መንቡብሮ ህዝቢ ምስ ግዝኣት ሕጊ ዘይከይድ ኮይኑ ኣሎ። (ምጽብባቕ ቃላት ንኺ ገዲፍካ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ግዝኣት ሕጊ ተዳኺሙ እዩ ዘሰምዕ)።"

#### ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንዕዘብ፧

ባዕሎም መንግስታት ምዕራብ ኣብ ካልእ ሃገራት ብምትእትታው ዝፈጠሩዎ ቁጠባዊ ቅልውላውን ካልእ ሽግራትን፡ ህዝቢ ምዕቡላት ሃገራት ዝበሃላ ኣብ ውሽጢ ሒደት ዓመታት ግዝኣት ሕጊ የለን ኣብ ምባል ወዲቖም። ብኣንጻሩ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ግዳይ ተጻብኦን እገዳን ሃገራት ምዕራብ ኮይኖም፡ መንቡብሮ ህዝቢ ተዳኺሙ እንክሎ ጥምረት ህዝቢ ኤርትራ ይኹን እምነቱ ኣብ ፍትሓዊ ትካላት ኤርትራ ከም ቀደሙ ኣሎ።

እቲ ጸብጻብ ቀጺሉ፡ መልሰ ግብራዊ ግዝኣት ሕጊ (A responsive rule of law) ኣብ ዝብል ክፋል፥

(2) ኣብ ሃገራት OECD ከምኡ'ውን ኣብ ዓለም እምነት ኣብ ትካላት መንግስትን ግዝኣት ሕግን ከም ዝሓኸየ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ካብ 2016 ብሰንኪ ዝንበዕ (ረብሓ ውሑዳት ዝሕሉ) ፍትሓዊ ስርዓት ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት ምንቁልቋል ግዝኣት ሕጊ ተራእዩ። ብዓለም ደረጃ ክልተ ስልሲት (2/3) ካብ ህዝቢ ዓለም ኣዕጋቢ ግብራዊ ፍትሒ ኣይረኸበን። ኣብ ሃገራት OECD (ኣብተን ኣዝየን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ማለት እዩ) ኣስታት 600 ሚልዮን ማለት 40% ካብ ህዝቢ መዓልታዊ ዘጋጥሞም ፍትሓዊ ጉዳያት ግቡእ መዕለቢ ኣይረኸቡሉን።" ይብል።

ቀጺሉ "ኣገባብ ፍትሒ ካብ ኣብ ተመኩሮ ህዝቢ፡ ኣብ ትካላዊ መስርሕ የድህብ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ትካላት ፍትሒ ብተመኩሮ ህዝቢ ዘይርትዓውያን፡ ብቀሊሉ ዘይርከቡ፡ ዘይ ግብረ-መልሳዊ ኮይነን ይረኣያ።" ይብል።

#### ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንዕዘብ፧

ብመሰረት ጸብጻብ OECD ኣብተን ኣዝየን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ምዕራብ ብውሑድ 40% ካብ ህዝበን፡ ብዓለም ደረጃ ከኣ ልዕሊ 66% ህዝቢ ዓለም ኣብ ሃገርና ግዝኣት ሕጊ የለን ብሃላይ እዩ።

እዞም ጨለታት ምዕራባውያንን ዘይመንግስታዊ ትካላቶሙን ኣብ ሃገሮም ልዕሊ 40% ካብ ህዝቦም ኣብ ሃገርና ግዝኣት ሕጊ የለን እናበለ፡ በዮናይ መለክዒ እዮም ተሓለቕቲ ህዝቢ ኤርትራ መሲሎም ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ሕጊ የለን ዝብሉ፧ መዓስን ኣበይን ንህዝቢ ኤርትራ ሓቲቶሞ፧

ግዝኣት ሕጊ ማለት፡ ከምዚ ኣብ 4-5 ዓመት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ንርእዮ ሰማዊ ምርጫ ምኪያድ ማለት ኣይኮነን። ዋላ'ውን ቅኑዕ ምርጫ ምኪያድ ማለት ኣይኮነን። ግዝኣት ሕጊ ማለት ኣብ ሃገር ዘሎ ሕጊ ብማዕረ ንኹሉ ይመርሕ ማለት እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣመሪካ ሃብታማት ገበን ፈጺሞም ብሳላ ገንዘቦምን ሓያላት ጠበቓታትን ናጻ ክወጹ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ከምዚ ዓይነት ሓላፍ ዘላፍ እዩ ከኣ ግዝኣት ሕጊ የለን ዝብል። ኣብ ኤርትራ ሓሓሊፉ ዝበደሉ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ ይኾኑ። ብጠቕላላ ክረአ እንከሎ ግን ይኽፋእ ይጸብቕ ሕጊ ንኹሉ ማዕረ እዩ። ግዝኣት ሕጊ ከኣ ንሱ እዩ። ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ።

ኣብዘን ናይ ልዕሊ 250 ዓመት ግዝኣት ሕግን ደሞክራስን ኣለና ዝብላ ሃገራት፡ ብሰንኪ ናይ ሒደት ዓመታት ቁጠባዊ ቅልውላው፡ ጂኦፖለቲካዊ ወጥሪ፡ ከባቢያዊ ብድሆታትን፡ ዲጂታላዊ ምስግጋርን ልዕሊ 40% ህዝቢ ኣብ ሃገርና ግዝኣት ሕጊ የለን ኣብ ምባል በጺሑ። እምነት ኣብ ትካላት መንግስቲ ዝቶዩ። እዚ ባዕሎም ምዕራባውያን ዘዳለውዎ ጸብጻብ እዩ።

ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሳሕል ጽ'ባሕ ናጽነት!

ጥዑምዝጊ ተስፋይ



ንሳዋ፡ ከም'ዚ ሎሚ መሓዛ መንእሰያት ከይኮነት ከላ እየ ዝፈልጣ። ቅድሚ 1994 ዓ.ም. ክልተ ግዜ ረጊጸያ ነይ...ም ዝኾነ ይኹን በረኻ ኤርትራ፣ እኳ ደኣ ኣብ ህልም ዝበለ በረኻ እትርከብ ቦታ ኸላ። ሸዑ፡ ይትረፍዶ ብመንእሰያት ዘዕለቕለቖትን ብኹሉ እትጽዋዕን ክትከውን፡ ብድሕረይ ወድ-ሰብ ዝረግጻ ኰይኑ ይስመዓኒ ኣይነበረን። ክሳብ ዝምለሳ እውን፡ ብዘይካ'ቶም ሓሓሊፎም ጎፍ ዝብሉ ሳገምትን ሳበኽትን ናይቲ ከባቢ፡ ብዘይካ ቀጣቕጣን ስሑዋት መበቆላዊ ኣግራባን፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ መቕሎ ከም ዝተነብረ ዘንድድ ምድሪ፡ ፍስሃ ዝህብ ትዝታ ኣይነበረንን። እቲ ክዝክሮ ዘይደሊ ሃሩራን ደሮናኣን ከኣ'ባ!። ኣብቲ ርሱን እዋን፡ ካብ ምድሪ ዝፈልሕ ሃፉ ማይ ዝመስል ዋርዋርታ ምቖት፡ ብስጥመት ዝተኸድነ ብራሾን ዝተቓጸረ ስንቅን ዘይክልክሎ ደሮናኣ ኣብ ማይናን መግብናን ድኹም ደሮና እና'ጸንበረ፡ ሓመድ ክምግበና ኸኣ እዝክር።

ኣብ 1999 ዓ.ም. ካልኣይ ወራር ኣብ ምብቅዑ፡ ድኒ ሳልሳይ ወራር ኣብ ቀረባ ርሕቐት ኣብ ዘንጠጠየሉ እዋን እየ ንሳዋ ተመሊሰያ። ክምለሳ ከለኹ ግና ወረኣ ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ክሳብ ዝርእያ ግና ኣይኣመንኩን። ካብቶም መማጽእተይ፡ ኢብራሂም ኣምቾን ሳይሞን ብርሃነን፡ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሓሙሻይ ዙር ኣብ ሳዋ ዝፈረዩ እዮም። ኣብ ጉዕዞ ከለና "ኣታ ከመይ ኢሎም ኣብ ሳዋ ይነብሩ ኣለዉ" ምስ በልኩዎም፡ ኢብራሂም "ከመይ ገይርካኸ ኣብ ኣስመራ ይንበር?" ክብል ብሕቶ መሊሱለይ። ንኣስመራ፡ ነዛ ሰፊሕን ጥጡሕን ጎደናታት እትውንን፡ ካብ ገዛ ወጺእካ ናብ ገዛ ንኽትኣቱ ዓሰርተ ሜትሮ ምስጓም ዘየድልየካ፡ ብቑዲ ህንጻታታ ኣብ ዓለም እትድነቕ፡ ይትረፍዶ ኣብ ቤት፡ ኣብ ግዳም'ኳ ጽላል ዘይትስእነላ፡ ብመብራህታ ንቖትርን ጸላምን ማዕረ እትገብሮ ...፡ ምስ ሳዋ ከወዳድራ ምፍታኑ ንላግጺ እምበር ንኻልእ ኣይሓሰብኩዎን።

"ኣስመራን ሳዋን ደኣ በየን ኣራኺብካየን ወደይ?" ምስ በልኩዎ፡ "ኣስመራ ጥልያን ሰሪሑዋ፣ ሳዋ ድማ ድማ ሓበሻ ሰሪሕናያ። ክልቲኣን ከኣ በረኻ እየን ነይረን" በለኒ። ሳዋ ምስ ኣተና፡ ዕሙርን ስሩዕን ሂወት ዝሃነጹ ሰባት ጸኒሑሙና። ፈትሊ ገድሊ ዝለቀቡ መንእሰያ...ድሊ ኤርትራ ካብ እሳት ለልዩ ዘትረፎም ውጻእ መዓት።

ገለ መባእታዊ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰዱ፡ ገለ ኣጽዋር ዝመሃሩ... ኮታ ዘሰልጥኑን ዝሰልጥኑን መንእሰያትን ማዮም ዝሰተዩን ደቂ ሃገር፡ ካብ በረኻ ኣውጺኦም፡ ናብ ዕምርቲ መዓስከር እዮም ቀይሮማ። እቲ፡ ንብረት ካብ ኢድ ሰብ ክምንጥል ዝቃለስ፡ ኣብ ክንዲ ደበ...ሮና ከዲኑ ምስ ሓያል ህቦብላ ዝወርድ ዝናባ ምስኣ ነይሩ። ሳላ ሰብ ግን ፍርቂ ካብቲ ክፉእ ገጹ ዝጎደለ ኰይኑ ተሰሚዑኒ።

እቲ ከም ቃሕታ ንኽትዕንድር፡ ከልካሊ ዘይነበሮ በረኻ፡ ሕጊ ካብ ዘንበሮ ሕንጻጽ ተንከስ ዘይበሃሎ ዓዲ ስነ-ስርዓት ኰይኑ ጸኒሑኒ። ኣነባብራን ኣካይዳን ኩሉ ነባሪኣ ብሓደ መስመር ይምራሕ። ካብ መስመሩ ዝወጽእ ዋላ ሓደ'ኳ የልቦን። ወድ-ሰብ ብሕጊ ጻጸ ክመሓደር፡ ኣብ ሳዋ እየ ርእየዮ። ብመስርዕ ምንቅስቓስ፡ ብሓባር ሓኾት ምባል፡ ኣብ ልክዕ ግ...ብ ልክዕ ቦታ ምህላው...። ሳዋ፡ ባሕሪ ዲሲፕሊን ኰይና።

እቶም ብሓባርን ብዕላማን ናብ ሳዋ ዝመጻእና፡ ገለና ፍርያት ሳዋ፡ ገለና ድማ ዘይፈንፈልጣ ብምንባርና፡ ኣነባብራን ኣካይዳን ሳዋ፡ ንገለና ሓድሽ ነገር፡ ንገለና ንቡር ትርኢት ነበረ። እቶም ብሕጊ ጻጸ ዝሓለፉ ደቂ ኣሃዱ...ባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሸዑ እውን ምስ ሳዋ ሓለፉ ምትእስሳር ነይሩዎም። ቦታታት፡ መተዓልምቶምን ዓለምቶምን፡ ዝወፈሩዎ በረኻታት፡ ዘጓነፎም ፍሉይ ተርእዮ... የዕልሉሉን የዕልሉናን። ግና፡ ኣብ ሂወቶም ዋጋ ወሲኾም ንሳዋ ስለ ዝተመልሱዋ፡ ገለ ካብቲ ሸዑ ዘድንቕዎ ዝነበሩ ናይ ታዕሊም ኣጋጣሚታት ከም ተራ ነገር እዮም ዝርእዩዎ። ህጁም ናይ ክፍሊ ታዕሊም ከልዕሉ ከለዉ የስሕቖም። እቲ "ቡምባ" እናበሉ ዝድርብዩዎ ዝነበሩ ሓምኹሽቲ ዝመልአ ታኒካ ወይ ጨርቂ እናዘከሩ ይስሕቁሉ። ኣብ ታዕሊም ዝሕበኑሉ ዝነበሩ ጉዕዞ እግሪ፡ ድሕረኡ ምስ ዝሰዓበ እናነጻጸሩ ይንዕቕዎ።

ድሮ ኣብ ውግእ ካልኣይ ወራር (1988 ዓ.ም.) ናይ ግዜ ኲናት ጉዕዞ፡ ምስ ሸበድበዱን ጽዕነቱን መሊኾሞ እዮም። ምስ ጸላኢ ፊት-ንፊት ብዓረር ገጢሞም፡ ኣብ ናይ ሞትን ሕየትን ውግእ፡ ሰሃሮ ሰጊሮምን ዓወት ተደሪሮምን። ኣብ እግሪ መኸልን መታሕትን፡ ምድረ-ሰማይን ሰብን ብረመጽ እናተገጸቡ፡ ምድሮም ከየድፈሩ ብምዝዛሞም ሓበን ኣሎዎም። ነብሶም ትዝታ ናይ ሳዋ እምበር፡ ደረጃ ተዓላማይ ሳዋ ሓሊፋቶ እያ። ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ተዓለምቲ፡ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ነበሮም። ድሮ'ውን ነቶም ኣብ ቦታኦም ዝጸንሑዎም ተዓለምቲ "ማንጁስ" ክብሉዎም እሰምዕ ነበርኩ።

ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ሳዋ ድሕሪ ምብጽሑ ክንዲ ምንታይ ከም ዝቕየር፡ ምልምላት ሳዋ እዮም እቶም መሰኻኽር። "ጸልማት ክፈርሕ ጉዳም እየ ነይረ" ዝበለና ወዲ ኣሃዱና ነይሩ። ጫፍ ማይ ተመናይ ወይ ብሎኮ ከረን ህልም ዝበለ በረኻ ገይሮም ዝወስዱዎ ውሑዳት ኣይነበሩን። ካብ ዕላል'ዞም ኣብ ሳዋ ዝተመልመሉ መንእሰያት ከም ዝተዓዘኩዎ፡ እቲ ኩሉ ኣብ ሳዋ ዘሎን ዝሰላሰልን ነገራት፡ ቅድሚ ሳዋ ብዝነበረ ኣተሓሳባኦም ፈጺሙ ዘይከኣል እዩ። ምስ ኣማኢትን ኣሽሓትን ሰባት ብቕዱው መገዲ ምንባ...ክፍተን ዘይብሉ"፣ ኣብ ግዳም ምሕዳ...ነብስኻ ንበላዒ ምሃብ"፡ ለይቲ ወይ ብጸላም ኣብ በረኻ ምጉዓ... ፈጺሙ ዘይሕሰብ..." ኮታ ኩሉ ነገር ክግበር ዘይከኣል እዩ ነይሩ።

***

ንትምህርቲ ኣብ ሳዋ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ውግእ ካልኣይ ወራር ኣይተዛዘመን ዝነበረ። ብሕልፊ ርሱን ኩነታት ባድመ፡ ንኹሉ ወረ ዓብሊሉ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣብታ ጸባብ ዓዲ ዕንክሊል ይብላ ነበራ። ኩልና ኣብ ሳዋ ዝነበርና ሰባት፡ በቲ ኩነታት ቅሱናት ኣይነበርናን። ዓወት ጥራይ ክንሰምዕ ኢና እንደሊ። ቅንጣብ ካብ መሬት ኤርትራ ብወረርቲ ክትሓዝ ኣይተዋሕጠልናን።

መማህርተይን ደቂ ኣሃዱይን "ኣታ እዚ ትምህርቲ ቀልጢፎም ዘይውድኡልና እዮም፡ ሰብ እናተዋግኣስ ንሕና ኣብዚ ክንድቅስ" ክብሉ ምስ ሰምዕኩ፡ ውሽጠይ ናብ በረኻታት ገድሊ ተጓዚረ፡ ብሓቂ እዚ ሓቦ፡ ኣብ ድሕሪ ናጽነት፡ ፋሽኑ ከም ዝወደቐ እዩ ዝወስዶ ነይረ። ንተጋዳላይ ዋራይ ምስ ሃብኩ...ኣርባዕተ ነዋቢ ዓጽየዮ'...ቃ። 'ድሮ ስምዒት ሃገር ሓዲሩዎምስ፡ ምስ ብጾቶም ኣብ ኲናት ክህልዉ ተሃዊኾም' ኢለ እናሓሳብኩ፡ ብውሽጠይ ተሓቢነ። እቶም መንእሰያት፡ ኣብ ናቕፋ ፈርዮም፡ ኣብ ደጀናት ናቕፋ ኰይኖም ዝዛረቡ ዝነበሩ ኰይኑ ተሰሚዑኒ።

ኣብ ካልኣይ ወራር ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ገሊኦም ደቂ ኣሃዱናን መዳቕስትናን፡ ገሊኦም መዋዕልትናን መጻውትናን፡ ንኣካላቶም ብኣእዳውና ዝዳህሰስናዮን ኣብ ሓደ መኣዲ ዝተቐረብናን፡ ዝተዃረዩና፡ ዝዋዘዩናን ዘስሓቑናን ብጾት ከፊልና ኢና መጺእና። ክሳብ ኣብ ስንክልና ዘብጽሕ መውጋእቲ ገጢሙዎም ዝተፈልዩና እውን ነይሮም። ናብቲ ሞትን መውጋእትን ዝጸምእ ውግእ ንኽምለሱ ምህንጣዮም እምበኣር፡ ቅድሚ ኹሉ፡ ሃገርን ናጽነትን ከም ዘቐድሙ እዩ ኣርእዩኒ። "ለከ እቲ ምውርራስ ዝብሃል'ሲ ከምዚ እዩ" እብል ብውሽጠይ።

ኣብ ትምህርቲ ጽሙዳት እንተነበርና'ኳ፡ ዝበዝሐ ዕላልና ብዛዕባ'ቲ ውግእ እዩ ነይሩ። ስምዒትናን ዘረባናን ሃገር-ሃገር እዩ ዝሸትት። ትምህርትና ምሕባር ተኸሲ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ንመምሃሪ ዝሓዝናዮ ካርታ፡ ዶብ ኤርትራ ብልክዕ ንኽነመልክት ብዙሕ ግዜ ኣብ ክትዕ ተጸሚድና ኢና። ኣብ ኣመና ንኡስ ዝምጣኔኡ ካርታ ተመርኲስና እንገብሮ ዝነበርና ክትዕ፡ መዛዘሚ ምስ ተሳእኖ፡ ኢብራሂም (ኣምቾ) በቲ ጸያፍ ቃላቱ "ትም በ...ንባር ምስ ከድና ኣብ ምድሪ ክርእየኩም እየ" ኢሉ ምስ ኣስሓቐና፡ ንትምህርቲ መጺእና ከነብቅዕ፡ ብስምዒት ዝኣክል ኣብ ዘይሰራሕና ግዜና ነጥፍእ ከም ዝነበርና ተሰዊጡና።

ኩልና መድፍዓጅታት ብምንባርና፡ ብሓባሪ ተኸሲ እናተመራሕና፡ ሞርታር 82 ሚ.ሜ፡ ሞርታር 120 ሚ.ሜ.፡ ናብ ዕርድታትን መዓስከራትን ሰራዊት ኢትዮጵያ ዳሕዲሕናዮ ኢና። እግሪ መኸል ብእሳት እናተለብለበት ብዋናታታ ኣብ ዝኸበረትሉ ከቢድ ውግእ ውዒልና ሓዲርናን። ድሕሪ'ቲ ትምህርቲ ግና፡ ብዝተዋህበና ኣንፈትን መኣዝንን ዳርባ ቡምባታት ክንሰድድ ዘይኰነ፡ ንጸላኢ እናኸሸፍና ወይ ብዓይንና እናረኣና ኢና ቡምባታት ሞርታር ከነተኩስ። ብሓጺሩ ኣጽዋር ኢና ክንመርሕ። ኣንፈትን ርሕቀትን እናዓቀንና ቡምባታት ኣብ ዕላማኡ ከም ዝሃርም ክንገብር።

ሳይሞን ብርሃነ፡ "ኣበይ ከም ዝዓልብ ዘይትርእዮ ቡምባ ምትኳስከ እንታይ ማለት እዩ፡ እናረኣኻን እናነጻጸርካን ክኸውን ኣለዎ እምበር..." እዩ ዝብል ዝነበረ። እቲ ገድሊ ኤርትራ ዝምካሓሉ ናይ ኒሕ፡ ሃገራዊ ፍቕሪ፡ ተወፋይነት፡ ትብዓት... መንፈሳዊ ሃብቲ፡ ብህየቱ ኣብቶም ሃገራዊ ኣገልግሎት ሰጊሩ።

ከም'ቲ ሳሕል ኣብ ገድ...ዋ ኣብ ናጽነት፡ መሳግሮ ታሪኽ መኸተ ኰይና ትቕጽል።

*ፍሉይ ሕታም መጽሔት መንእሰይ ቁ. 64*



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሽሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲት በድሪያ ሰለማን የሱፍ፥ ተኸሳሲ ሰሚር ሰይድ መሳ ሰይድ ሓሸኑ ደሃይ ስለዘይብሉ ክረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ሳሙኤል ሰዩም ደብሳይ፡ ኣደይ ጸሃይሽ ኣፈወርቂ ኣርኣያ ስለዝዐረፈት፡ 7 ደቃ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትዕበ ሃብተ እምባዬ፡ ወዲ ኣሞይ ሃይለሚካኤል ኣፈወርቂ ጺጋይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ንወላዲ ኣቦይ ተኪኤ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዝፋን ፎቶ ተኣ፡ ብዓል ቤተይ ፋሲል ጉብረሚካኤል ግደይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃ ዓንደጸዮን፡ ኣሞይ ግደይ ዓንደጸዮን ተወልደብርሃን ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 5 ደቂ ሓወቦይን 2 ደቂ ኣሞይን ንኣሕዋታ ተኪእና ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘሙይ ጊላይ ዑቕባ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሓዳስ ጉብረሂወት ጉብረሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓላ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሪሃም ዓብዱልዓዚዝ መሓመድጣሀር ምባል ተሪፉ፡ ሪሃም ዓብዱልዓዚዝ ጣሀር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰፎራ ኪዳነ ደጎል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ብርሃነ ከሰተ ዑቕባ፡ ናይ ሞግዚት ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን10/8/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ነጃት ያሲን ሰዒድ፡ ተኸሰስቲ 1.ዳኒኤል ጥዑሁን በርሀ 2.ሚለን ብርሃ ተሰፋእየሱስ፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ወ/ሮ ሰናይት ተኽላይ ጉብረገርግስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሰያስ ረድኢ ፍስሓጺዮን፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ት ረዊና መሓሪ ኣስኮ፡ ኣደይ መድህን ባህታ ተስፋገርግሽ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መኣዛ ስብሃት ባይሩ፡ ወለደይ ስብሃት ባይሩ ወልደሰላሴን ለተብርሃን ዜናዊ ቃልኣብን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ኣኽበረት ተስፋዝጊ፡ ትርሓስ ኣብርሃ፡ ፍቓዱ ኣብርሃ፡ ብከሳሲት ሚላዊት ኣብርሃ ንጉዳይ ምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልክን ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጣ፡፡

ወ/ት ኤልዳ ሳምሶም ፍስሃጽ፡ ኣደይ ለተብርሃን መብራህቱ ገብረስላሴ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ በርሀ ዘወልዲ ወልዱ፡ ብፍ/በ/መሰል ሃይለ ጉብረእግዚኣብሄር ጌታሁን፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ጽጋዓት ድራር ወረደ ምባል ተሪፉ፡ ርዛ ድራር ወረደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኢያ ቁ.38 ይቕረብ፡፡

ዩዲት ኣርኣያ መብራህቱ ምባል ተሪፉ፡ ሳባ ዓንደማሰቀል ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያቆብ ዓንደማሰቀል ጉብረእግዚኣብሄር፡ወለደይ ዓንደማሰቀል ጉብረእግዚኣብሄር ወልደትንሳኤን ኣበበ ተኪኤ ተስፋስላሴን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ወይኒ መብራህቱ ጉብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ዓንደማሰቀል ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ተኸለሚካኤል ጠዓመለ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ጉብረትንሳኤ ደብሳይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

እስማዒል ጀማልዲን መሓመድ ምባል ተሪፉእስማዒል ጀማልዲን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብስራት ሃብተ ኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ሕድሮማርያም ጉብረስላሴ ብኢዱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰለሜ ብርሃ ኣጽብሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓሪ ይፍጠር ዝግታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ማስረታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ኣስቴር ስብሃቱ ጉብረኣምላኽ፡ ብዓል ቤተይ ሰሎሙን ኣማኑኤል ግርመ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ባህጉ ፍስሃጽ፡ ኣቦይ ፍስሃጽ ወልደየሱስ ኪዳነ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራሄል ደብረጽዮን ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ኣረፋይነ ኣሰፋው ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚልዮን ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሚልዮን ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሰትና ሓምድ ሕዱድ ምባል ተሪፉ፡ ሰትና ሓምደ እዙዝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሚረያን ሃብተማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኤረና ረዘ እምሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንዕማ እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ንዕማ እድሪስ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጥና ሕመድኖር ፍቅክ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድኖር ፍቅክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት -ርዲ ኣቑርደት

ከድጃ መሓመድ ሼክ ምባል ተሪፉ፡ ከድጃ መ/ደኑር ሼኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰምሰም ሃብታይ ሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ መሓረ ትኩእ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና መሓመድኖር ፍቅክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣሶግይት ተኽለ ማሰፍን ምባል ተሪፉ፡ ቤተልሄም ተኽለ ማሰፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሰናይት ሃብተስላሴ ኣሰፋው፡ ስም ኣደይ ደሃብ ምሕረትኣብ ገደላ ምባል ተሪፉ፡ ፋና ኪዳነ ኢያሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወይኒ ሳህሉ ጉብረሚካኤል፡ ስም ኣደይ ዘውዲ ዘርኣ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ዘውዲ ሳህሉ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስም ት/ዕድመ ጓለይ ሶሚራ ሓመኑር ሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ሶሚራ ኣሕመድኑር ሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዓሊ ሑመድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ሓጃ መሓመድ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ሓጃ መሓመድ ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ የሻና ማሰፍን ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰመረ ሃብተማርያም ጉብረማስቀል፡ ንሓዳር ዝምልከት ናይ ሰቪል ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ዐሶማን ሰዒድ መሓመድእድሪስ፡ ስም ኣደይ ሓሊማ ረደት ሐሴን ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ ዐሶማን ሐሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍስሃጽ ኤፍሬም ሰለሞን፡ ኣቦና ኤፍሬም ሰለሞን ገርመዳዊትን ኣዴና ርሻን ስብሃቱ ገዝሀኑን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብዱላሂ ማሕሙድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ዓብዱላሂ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ጉኑ ተሸመ ጸጋዬ፡ ብዓል ቤተይ ህንጹኣብ ጉብረስላሴ ጉብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ







## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/ብፃል ማሰል ተኽለ በዓ ግደ፡ ብዕለት 23/06/26 ናይ ፈጻሚ ምልክታ ኣቕሪቡ፡ ብፍ/ሱበ/ዕዳ ካብ ቁ/3 ዘለሸ ካህሁን ደረሱ ክሳብ ቁ/4 ቢዛን ካህሁን ደረስ 6. ሰለሜ ካህሁን ደረስ 7. ሰለሙን ካህሁን ደረስ 8. ተማሰገን ካህሁን ደረሱ፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ን08/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ምሕረት ሚካኤለ ርእሶም ምባል ተረፉ፡ ልሂም ሚካኤለ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገረዳ ለባሲ ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ነጋሽ ሃይለ ወልደመንቀርዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዔሻ ሐሰን ዊሎ ምባል ተረፉ፡ ዝዘዛ ሐሰን ዊሎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣቶ የሃንስ ሙብራህቱ እምባዩ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/09 ስፍሓቱ 180 ት/ሜ ዝኾነ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 117733 መወከሲ ቁ. ይ/108625 ብስም መዋቲት ወላዲተይ ነ/ሄር ሓረገ ጉብረዝጊ ተሰፉገርግሽ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ወላዲተይ ብሂወት ከላ ብዕለት 1/04/2024 ኣብ መዝ/ቁ/75/24 ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ብውህቡቶ ስለዝሃበትኒ፡ ስም ዋንኡ ናይቲ ገዛ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መሰረዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ የሃንስ ሙብራህቱ እምባዩ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ ያቆብ ቁ. ገዛ 78 ቁ /ምስክር ወረቐት 106704 መወከሲ ቁ. 122548 ቁ. ፕሎት 24 ፓርሰል C ብስም ነ/ሄር ሰራጅ ኣሕመዲን ነፍሰሄራት ኣሚና ዓብደላን ኣቶ ኣሕመድ ኣሕመዲን ምስ ኣደኡ ወ/ሮ ዘይነብ ዑስማንን +6 ኣሕዋቱን ዝተመዝገበ ሊብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺቦ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሉ እንተሃልዩ፡ ብቁ. ቴሌ. 07846601/122551 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ደዊሉ ይርከቦና። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ኣሕመድ ሰራጅ +2

---

ብስም ኣስቴር በርህ ኪዳነ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042063 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 132 ዝርከብ ናይ መሸጣ ሃለኸቲ መጕበን ጽሬትን መሸጣ ስጋን፡ ን/ኣ/ቶ ካሕሳይ እምባዩ ጉብረሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ረሓይታ ቁ.ገዛ 23 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሓለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣስቴር በርህ ኪዳነ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ እንዳ ኮርያ ብሎክ 119 ቁ/ገዛ መዝገቢ ፍቓድ 1553836 ቁ.ፓርሰል 0000374 ብስም በርህ ማሓሪ ወልዱ ዝተመዝገበ ሊብረቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺቦ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሃልዩ፡ ብቁጽሪ ሞባይል 07906304 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ የረክበና፣ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

በርህ ማሓሪ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣልጋሽ ሃብተ ዘርኣይ፡ ኣቦይ ሃብተ ዘርኣይ በራኺ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

የርዳኖስ ጆላተ ኣብዲሱ፡ ኣደይ ኑብዮት ኣለም ጎይትኦም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ሄለን ኣብርሃ ገብረማርያም፡ ኣደይ ለተኣብ ወልዱ ፍረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ሳምሶም ገብረእግዚኣብሄር ፍስሃ፡ ኣደይ መድህን ኪዳነ ምሕሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይርጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ቤንሀር ግርማይ ሓደሽ ምባል ተረፉ፡ ሸሻይ ግርማይ ሓደሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሮዳስ ኣረፈ ኢሳቕ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ጺጋይ ሰንቀይ ወልደማርያም፡ ናይ ኣጦት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ት/ዕድመ ንኡድ ፍጹም ሓደራ ምባል ተረፉ፡ ናኣድ ፍጹም ሓደራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮሳሲት ፍትሓዊት ገብረክርስቶስ ኪዳኑ፡ ተኸሳሲ ጉይትኦም ተኽለ ኪዳኑ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

የናስ ኣምባሳጀር መላኺ ምባል ተረፉ፡ የኑስ ኣምባሳጀር መላኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ክፍሉ ባህረ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ኣቶብርሃን ማስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ወ/ሮ ጒት የውሃንስ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ርእሶም ኣርኣያ ተድላ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መዘኒት የናስ የሴፍ ምባል ተረፉ፡ ምቐት የናስ የሴፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጺጋይ ወልደኣብዚጊ ምባል ተረፉ፡ ጺጋይ ወልደዝጊ ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሰናይት ኣብርሃ ተሰፋይ፡ ኣደይ ለምለም በራኺ ገብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንጉስ ወልደቃል ገብረጻድቕ፡ ወለደይ ወልደቃል ገብረጻድቕ ክብረኣብን ሕረይተስላሴ ተላ ወልዱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፈተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማለት ኣማኑኤል ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ማለት መሓመድኑር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መኮነን መብራህቱ ምራጭ፡ ብዓልተ ቤተይ ኣለም ካሕሳይ ጓንጉል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዞማት ገብሩይ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ብርሃነ ተኽለኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ወልዱ ዑቕባዝጊ፡ ኣደይ መብራት መሻ ደሱ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣልጋሽ ደሰይ ኣስፉሃ ምባል ተረፉ፡ ኣልጋሽ ደቦሳይ ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሉላ ምባል ተረፉ፡ ኮሬል ዳኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና በርሀ፡ ስም ኣደይ ዝፋን ገብረእግዚኣብሄር ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ዝፋን ኣብርሃ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፍስሃጊዮርጊስ ተሰፉ ኪዳነማርያም ምባል ተረፉ፡ ፊሊሞን ተሰፉ ኪዳነማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚከኤለ ገብረሂወት ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ገብረሂወት ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተገርግሽ ገብረትንሳኤ መርእድ፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባሚካኤል ወልደገብረኣል ሃይለማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተሰፋጼን በየነ ምባል ተረፉ፡ ኣስቴር ተሰፋጼን በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የውሃንስ ተኽለ ገብረማርያም፡ ኣዴና ጸገ ተኽለ ወልደየሱስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕሩይ ገብረሂወት ፍስሃጼን ምባል ተረፉ፡ ሴም ገብረሂወት ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ለተስላሰ ሃይለ ገዞሙ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ጸገ ገብረዮሃንስ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝናብ ብርሃነ መሻሹ፡ ተኸሳሲ ሰንጋል ተሰፉ ሞኣ፡ ንዓኻ ዝምልከት ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፍልጥ።

ዓብደላ ዐስማን ኣደም ምባል ተረፉ፡ ዓብደላ ሮሞዳን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዳንኤል ጊላይ ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ዳንኤል ጊለ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ሓምድ ሰዒድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ሰዒድ ኢብራሂም ሓጅ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ጃሚላ እድሪስ መሓመድዓሊ ምባል ተረፉ፡ ጀሚላ መሓመድዓሊ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መርሃዊ ዑቑባጼን ገለኡ ምባል ተረፉ፡ መርሃዊ ዑቑባጼን ገለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ላሚሽ ሞኣዝዚ ተከኤ ምባል ተረፉ፡ ላሜክ ሞኣዝዚ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃንስ ገብሩይ ንርኣዮ ምባል ተረፉ፡ የሃንስ ገብሩይ ንርኣዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄባ መሳ፡ ስም ኣደይ ሓሊማ ጠሸት ምባል ተረፉ፡ ጀምዓ ዓሊ ጠሸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ናድያ ሓምድ መሓመድ፡ ኣቦይ ሓምድ መሓመድ፡ ብዕድመ ምኽንያት ኣእምሮኡ ስለዝስሓተ፡ ዘይብቑዕነቱ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍሊሞን የማነ ካሕሳይ፡ ኣደይ ብርኽቲ ኣብርሃ ኣምላኽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳብሪን ኢብራሂም መሳ ምባል ተረፉ፡ ሳብሪን እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጆን ተኽለ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ተኽለ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዑቕባይ ዘርኣ ገብረታትዮስ ምባል ተረፉ፡ ዑቕባይ ዘርኣይ ገብረታትዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ልችያ ኣሰፋው፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ታረቀ ገብረመድህን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ መሓመድ ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ሳዕቤናት ፍትሕ ኣብ ስድራቤት

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ማሕበራዊ ስሒትን፡ ማሕበራዊ ወህደትን ዝብሉ ኣምራት፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ናይ ዘሎ ዝለዓለ ማሕበራዊ ንቕሓት መግለጺ እዮም። ኣብዚ ዝበረኸ ማሕበራዊ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘሎ፡ ማሕበራዊ ዝምድናታትን ምትእስሳርን ምዕባይ መሰረታዊ ነገር እዩ። ስድራ-ቤት ከም ኣገዳሲ ማሕበራዊ ኣካል፡ ንምፍጣር ብቑዕ ሕብረተሰብ ዘለዎ ተራ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ።

ብርኽት ዝበላ ስድራቤታት፡ ብርጉእን ስጡምን መንገዲ፡ ማሕበራዊ ምትእስሳረን ኣብ ዘካይዳሉ እዋን፡ ኣባላት ስድራ ቤት፡ ማሕበራዊ ርግኣቶም ዓቂቦም፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ብዘዀግዕ ክዋስኡ የኽእል። ማሕበራዊ ግርጭታት ስድራ-ቤት ኣብ ዝዓብዩሉ እዋናት፡ ኣብ ኣፈታትሕኡ ልቦናን ውሕልነትን የድሊ። ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበረ-ቁጠባዊ ድሕረ ባይታ ዝመጽኡ ወለዲ፡ ስድራ- ቤት ክምስርቱ ኣብ ዝሕተቱሉ እዋናት፡ ፍልልያቶም ብምጽዓብ፡ ስጡም ማሕበራዊ ኣካል ክምስርቱ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ ቤት፡ ብፍላይ ድማ ወለዲ ዘጋጥም ግርጭታት፡ ብስልጡን መንገዲ እንተዘይተፈቲሑ፡ ናብ ምብትታን ስድራ-ቤት ናይ ምምራሕ ተኽእሎኡ ዓቢ እዩ። ንስድራ-ቤታት ናብ ምብትታን ክመርሑ ዝኽእሉ ብርኽት ዝበሉ ምኽንያታት ይርከቡ። ገለ ንምጥቃስ፡ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ቁጠባዊ ጸገማት፡ ጉድለት ስነ ኣእምሮኣዊ ብስለት፡ ዘይብቑዕ ምድላዋት ቅድመ ሓዳር፡ ድኑት ኣፍልጦ ሓዳርን ስድራ- ቤትን ተጠቀስቲ ረቛሒታት እዮም።

ሓዳር ኣብ ዝምስረተሉ እዋናት፡ ንቐጻልነቱ ዓቢ ኣብ ዘርሕዉ ረቛሒታት እቶም ተጠቀስቲ ሓድሕዳዊ እምነትን፡ ፍልልያት ንምጽዓብ ዘኽእል ሕድገት ምግባርን እዮም። ወለዲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ምትእምማን ንምዕባይን ሓዳሮም ቀጻልነቱ ንምውሓስን፡ ቀጻሊ ክሰርሑሉ ዘለዎም ጉዳይ እዩ።

ምትእምማን፡ ኣብ መንጎ ወለዲ ወሳኒ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሓዳር ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፈላለየ ማሕበረ ቁጠባዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባት ዝግበር፡ ኣካላዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ወህደት ስለ ዝኾነ እዩ። እዞም ኩሎም ንኣባላት ስድራ-ቤት ጠሚሮም ዝሕዙ ረቛሒታት ንምዕባይ ድማ፡ ህላወ ሓድሕዳዊ ምትእምማን ወሳኒ ግደ ይጻወት።

ወለዲ ሓድሕዳዊ ምትእምማኖም ንምዕባይ፡ ኣብ ግሉጽነትን ቅንዕናን ዝተመስረተ ስድራ-ቤታዊ ምብህሃል ክውንኑ የገድስ። ኣብ መሰረታዊ ኣድላይነት ስድራ-ቤታዊ ግዜ፡ ኣባላት ስድራ ቤት ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ጋግ ኣብ ምጽዓብ ሃናጺ ተራ ስለዝጻወት እዩ። ክእለት ምብህሃል፡ ናይ ምስማዕን ምዝራብን፡ ሓሳባት ምልውዋጥን ክእለት ስለዘጠቓልል፡ ክፉት ናይ ምብህሃል እዋን ኣብ ኣባላት ስድራ ቤት ክዓዝዝ ኣድላዪ ነገር እዩ።

ግርጭታት፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ስድራ-ቤት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋናት፡ ሓድሓዳዊ ሰላምን ምኩብባርን ንምፍጣር፡ ሕድገት ምግባር የገድስ። ዶክተር ጋሪ. ዲ. ቻፕማን ዝተባህለ ክኢላ ነዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ “ሕድገት ፈውሲ ዝጠዝሐ ኣብ ስድራ-ቤት ዘጋጥም ጸገማት እዩ” ኢሉ ድሕሪ ምጥቃሱ” ወለዲ ሓዳሮም ብዘዀግዕ ንምምራሕን ቀጻልነቱ ንምውሓስን፡ ሕድገት ስምዒት ጥራይ ዘይኮነ፡ ርድኢትን ውሳነን ምዃኑ ክፈልጡን ክነቕሑሉን ዝግባእ ጉዳይ እዩ” ኢሉ ይገልጽ።

ኣብ ገለ ገለ ወለዲ ዝርአ ሕድገት ናይ ዘይምግባር ዝንባለታት፡ ሕድገት ምግባር ምልክት ተሰዓርነት ገይሮም ስለ ዝወሰዱ እዩ። ኣብ ስድራ-ቤታዊ ጉዳያት ሕድገት ምግባር፡ ኣብ መትከላትካን እምነትካን ምርሓቕ ዘይኮነ፡ ንሓባራዊ ሰላምን ርግኣትን፡ ምስ መጻምድኻ ብምርድዳእ፡ መፍትሒ ምንዳይ ማለት እዩ።

እምነትን ሕድገትን፡ ኣብ መንጎ ወለዲ እናረሓቐ ኣብ ዝኸዱሉ እዋናት፡ ስድራ-ቤት ብፍትሕ ናይ ምብትታን ተኽእሎኡ እናዓበየ ይኸይድ። ፍትሕ ከም ተርእዮ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋናት፡ ወለድን ቆልዑን ብማዕረ ናይ ምህሳይ ተኽእሎ ኣለዎም። ህጻናትን ቆልዑን ሓባራዊ ፍቕርን ክንክንን ናይ ኣቦን ኣደን ኣብ ዝጎድሎም እዋናት፡ ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ጥዕናዊ፡ ኣካዳምያዊ፡ ማሕበራዊ ኩነታቶም ብቐጥታ ይጽሎ። ኣደዳ ጸቕጢ፡ ተነጽሎ፡ ጽምዋ፡ ቅዛነት ዝኣመሰሉ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዝኾኑ ህጻናት፡ ብፍትሕ ናይ ወለዶም ብቐጥታ ዝጽለዉ እዮም።

ህጻናት ኣብ ፋልማይ ዓመታት ንእስነቶም፡ ኣብ መንጎ ወለዶም ዘጋጥም ባእስን ግርጭትን፡ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ህይወቶም ክቢድ ዋጋ የኽፍሎም። ብዘይካዚ ኣብ ብፍትሕ ዝተፈላለየ ስድራ-ቤት ዝዓበዩ ቆልዑ፡ ንኣሉታዊ ስምዒታትን ባህርን ብምቅላዕ ‘ጸረ ማሕበራዊ ጠባይ’ ብዝበሃል ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገም ክጥቀዑ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

በዚ ጸገም ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ሕብረተሰብ ቅቡል ኢሉ ንዝቐመጦ ባህላውን ሃይማኖታውን መዐቀኒታት ብምጽራር፡ ብዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ፡ ፍንጉጽ (deviant) ዝበሃል ተግባራት ከም ገበናትን ዓመጻትን ብምፍጻም፡ ዘይቅቡልን ዘይስነምግባራውን፡ ተግባራት ክፍጽሙ ይርኣዩ።



ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም፡ ብክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ዝተኻየዱ ብርኽት ዝበሉ መጽናዕትታት ከም ዘነጽርዎ፡ ገበናት ብምፍጻም፡ ኣብ ኣብያተ ማሕቡስ ግዜኦም ዘሕልፉ ብርኽት ዝበሉ ሰባት፡ ካብ ዝተፋትሑ ስድራ-ቤታት ዝመጽኡ ምዃኖም የመልክት። እዚ ድማ ብሉጻት ኩብርታት ሕብረተሰብ ክዓጥቁ ሰሪ ዘይምኽኣሎም፡ ኣፍረይትን ብሉጻትን ካብ ምዃን ከምዝዓግቶም የመልክት።

ብዘይካዚ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም፡ ብክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዙርያ ብፍትሕ ካብ ቀዳማይ ሓዳሮም ዝተፈላለዩ ወለዲ ኣተኩሩ ዝተገብረ መጽናዕትታት ከም ዘነጽሮ፡ እቶም ወለዲ ኣብ ድሒሮም ዝምስርትዎ ሓዳርን ዝምድናታትን ናይ ምፍታሕ ተኽእሎኦም ክሳብ 60 ሚእታዊት ምዃኑ እቶም መጽናዕትታት የነጽሩ። ናይዚ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ቀዳማይ ሓዳሮም ዘጋጠሞም ጸገማት፡ ኣብ ካልኣይ ሓዳሮም ኣብ ዘኽሰተሉ እዋን ክፈትሕዎ ዘኽእል ዓቕሚ፡ ክእለት፡ ትዕግስቲ፡ ስለዘሓጽሮም ምዃኑ ይጥቀስ።

ካልኣት ወለዲ ድማ፡ ሓንሳብ ድሕሪ ዘጋጠሞም ምስ ፍትሕ ዝተሓሓዘ ጸገማት፡ ምስ ኣንጻር ጾታ ዝግበር ዝምድናታት ብፍርሒ ብምጥማት፡ ጋሞፎብያ (gamophobia) ዝተባህለ ዓይነት ምስ ፍርሒ ዝተሓሓዘ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገም ብምምዕባል፡ ክሳቕዩ ከምዝኽእሉ እቶም መጽናዕትታት የመልክቱ።

ንፍትሕ ብኣሉታዊ መንገዲ ኣብ ዝርእዩ ኣባታዊ ባህልን ኣተሓሳስባን ዘለዎም ሕብረተሰባት ዓለም፡ ፍትሕ ዘጋጠሞም ሰባት፡ ማሕበራዊ ተነጽሎ ከጋጥሞም ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ድማ ተርእዮ ፍትሕ ከም ማሕበራዊ ዘይብቑዕነት ሰባት ተወሲዱ፡ መርኣያ ድኽመት ምምራሕ ስድራ ቤት ተገይሩ ስለ ዝውሰድ እዩ። እዚ፡ ነቶም ወለዲ፡ ናብ ማሕበራውን ስነ ኣእምሮኣውን ጸገማት ክመርሕ ይኽእል።

ቁጠባዊ ጸገማት ካልእ ምስ ተርእዮ ፍትሕ ተዛሚዱ ክኸሰት ዝኽእል ጸገም ምዃኑ ይጥቀስ። ወለዲ፡ ንብርኽቲ ዝበለ ዓመታት ሓቢሮም ዘጥረይዎ ሃብትን ንብረትን፡ ኣብ ዝፈላለዩሉ እዋናት ክኸስርዎ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ዝፈላለዩሉ እዋን፡ እቲ ብሓባራዊ ጻዕሪ፡ ስራሕ፡ ትግሃት ዘጥረይዎ ሃብትን ንብረትን፡ ዋላ ብማዕረ እንተ ተማቐልዎ፡ ከምቲ ብሓባር ኣብ ዝነበሩሉ እዋናት ዝነበሮም መኽሰባት ክህልዎም ግን ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ዘመናዊ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ብዓውለማን ነገራውነትን፡ እናተጸልወ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ ምብትታን ስድራ-ቤታት እናወሰኸ ኣብ ምኻድ ይርከብ። ባህሊ፡ ልምዲ፡ ክብርታት፡ ሃይማኖት፡ ኣብ ጥምረትን ቀጻልነትን ስድራ-ቤት ወሳኒ ግደ ዝጻወት እዩ። እዞም ዝተጠቕሱ ከም መወከሲ ማሕበራዊ ስነ ምግባር ብምኻን ዘገልግሉ ዝነበሩ ረቛሒታት፡ ኣብ ምብሕጓግ ስለ ዝርከቡ፡ ወለዲ ንዘጋጥሞም ጸገማትን ግርጭታትን፡ ብመንጽር ውልቃዊ ድሌታቶምን ረብሓታቶምን ጥራይ ብምርኣይ ክፈትሕዎ ኣብ ዝፍትኑሉ እዋናት፡ ስድራ-ቤቶም ክብትኑ ይረኣዩ።

ዓውለማ ካብ ዘተኣታተዎ ሓደ ባህሊ ውልቃውነት እዩ። ኣብ ውልቃውነትን ውልቃዊ ረብሓታትን ጥራይ መሰረት ዝገበረ ዝንባለታት፡ ንተራ ስድራ-ቤትን ካልኦት ማሕበራዊ ትካላትን ብምምህማን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ነቓዕ ብምፍጣር ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድር ኣሎ።

እዚ ብፍላይ ንመንእሰያት ዝጸሉ ዘሎ ባህሊ፡ ንኣድላይነት ማሕበራዊ ጥምረትን ዕብየትን ብምድኻም፡ መንእሰያት ሰብ ሓዳር ግርጭታት ኣብ ዘጋጥሞም እዋናት፡ ንሕድገት፡ ምርድዳእ፡ ምኩብባር፡ ትዕግስቲ ዝኣመሰሉ ጠቓምቲ ነገራት ገዲፎም፡ ብባዕላዊ ስምዒታትን ኣተሓሳስባን ክኸዱ ኣብ ምግባር ይርከቡ።

ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ካብ ዝተመስረቱ ስድራ-ቤታት ዝበዝሑ ብፍትሕ ይዛዘሙ ኣለዉ። እቲ ቑጽሪ ኣብ ኣመሪካ 50 ሚእታዊት፡ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ድማ ክሳብ 40 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ መጽናዕትታት የረጋግጹ። ኣብ ብተዛማዲ ደሓን ዝኾነ ምዕቃብ ባህልን ክብርታትን ዘርኣየሉ ኣህጉራት ዓለም ከም ኣፍሪቃ፡ ኤሲያ ዝኣመሰለ’ውን ተርእዮ ፍትሕ ኣብ ምውሳኽ ይርከብ።

ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ፡ ፍትሕ ኣብ ስድራ-ቤታትን ሕብረተሰብን ንዝፈጥሮ ዘሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክገልጹ ከለዉ፡” እምነ ኩርናዕ ሰላምን ዕብየትን ሕብረተሰብ ንዝኾነ ስድራ ቤት፡ ዝበታትን ዘሎ ኣዕናዊ ማሕበራዊ ተርእዮ” ክብሉ ይጠቕስዎ።

በዚ መሰረት፡ ፍትሕ ኣብ ስድራ-ቤታትን ሕብረተሰብን ዘለዎ ኣሉታዊ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ጥዕናዊ ሳዕቤናት ዓቢ ብምዃኑ፡ ኣብ ሓዳር ዘጋጥሙ ግርጭታት፡ ብሰላማውን ስልጡንን መንገዲ ብምፍታሕን፡ ንመበቆላዊ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ክብርታት፡ ልምድታት ሕብረተሰብ ምርኩስ ብምግባርን፡ ስድራ-ቤታት ካብ ምብትታን ምድሓን ኣገዳሲ ተግባር ብምዃኑ፡ ብኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ቀጻሊ ክጽዓተሉ የድሊ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | ድራማ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መደብ ቡያ |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | መዘኻኸሪ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2026 |
| 14፡25 | ተክ ኢንሳይት |
| 14፡55 | ፓኖራማ |
| 16፡10 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፊ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19፡25 | ፊዮሪና |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ዜና ስፖርት |
| 20፡25 | ፊልም ገጽታ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ድራማ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23፡00 | እትመት |

# ልምዓት

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

*ዝተማህረ ሕብረተሰብ ድልዱል ቀጠባዊ ዕብየት መዝገቡ ምዕቡልቲ ሃገር ይሃንጽ። ስለ ዝኾነ፡ ሓያለ ሃገራት ኣብ ትምህርቲ ልዑል ተገዳስነት ብምግባር፡ ንትምህርቲ እኹል ባጀት ሰሊዖን ኣብ ምስራሕ ይርከባ። ኤርትራ ሓንቲ ካብኣተን ኮይና፡ ጽኑዕ ትምህርቲ ንምምዕባል ህዝባዊ ሓይለታት ግና ብዘሎዎ ካብ እግሪ ተኺሉን ጀሚሩ ልዑል ጠመተ ብምሃብ ብመንገዲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን ክሰርሓሉ ጀሚሩ። ድሕሪ ናጽነት ከም መንግስቲ ድሕሪ ምቛሙ፡ ዓመታዊ ዝፍ ባጀት እናሰለዐ ዓቕምን ፍልጠትን ዜጋታቱ ብትምህርቲ ንምብራኽ ክሰርሕጸኒሑን ኣሎን። ከም ወጽኢቱ ዓመታዊ ካብ ዝተፈላለየ ኣዕለዎትን ማእከሎትን ትካላት ትምህርቲ ዝተመረቑ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተመሃሮ፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ሃገር እጃሞም ኣብ ምብርካት ይርከቡ።*

*ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን ቅድሚን ድሕሪን ናጽነት እንታይ ይመስል፧ ኣብ ዝብል፡ ጋዜጠኛ ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ - ኢያሱ ተስፋዮሃንስ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲ መድያን ኣቶ ገብረዝጊ ድማምን ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምዕባልን ካሪክሉም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ትካቦ ኣይመትን ዘካየዶ ሰፊሕ ቃለ መሕትት፡ ኣገዳስነቱ ብምግንዛብ ጽማቝ ትሕዝቶኡ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ ነቕርቦ።*

***

ዕማም ትምህርቲ፡ ንሚኒስትሪ ትምህርቲ ጥራይ ዝምልከት ወይ ዝግደፍ ይመስለና ይኸውን። እንተኾነ ኣብዚ መዳይ ዕማምን ንጥፈታትን ካልኦት ሚኒስትሪታትን ትካላትን መንግስቲ'ኸ እንታይ ክኸውን ይግባእ፧ ነፍሲ-ወከፍና ክንርድኦ ዘሎና ሕቶ'ዩ። ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ዓምዲ ልምዓት፡ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ዝሕቆፍ፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን ገስጋሱ ኣብዚ እዋን እንታይ ይመስል፧ ብልጫታቱን ድኽመታቱ'ከ እንታይ ይመስል፧ ዝብል ሕቶ ቅድሚ ምምላስና፡ ዕማም፡ ራእይን ተልእኾን ሚኒስትሪ ትምህርቲ እንታይ'ዩ ዝብል፧

**ኣቶ ገብረዝጊ ድማም**

ትምህርቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪኡ ከም ሃገር ኣብ ዝቖምናሉ፡ መሰረትን ወሳኒን ምዕባለ ናይ ኩሉ እዅይዶም ንጥፈታትን እዩ። ንድሕሪት ምልስ ኢልና ትምህርቲ ኣብ እዋን ቃልስና እንታይ ይመስል ከንርኢ፡ እንተድኣ ኴንና፡ ኣብ ውድብ ብስሩዕ ክወሃብ ዝጀመረ፡ ኣብ ግዜ ህዝባዊ ሓይለታት'ዩ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ መድረኽ፡ ሰውራዊ ቃልስና፡ ዝተማህረ ዓቕሚ ሰብ ከይሃለዎ ራእዩኡ ክጭብጥን ብዓበኡ ኸኣ፡ መትከሉ ሽቶኡ ክወቅዕን ስለ ዘይክእል፡ ዝተማህረ ኣካል ከም ዘድልዮ ዘርብ ጉዳይ ኣይነበረን። እዚ ይኹን'ምበር፡ ሰውራዊ ቃልስና ዝተማህረ ኣካል ኣይነበርምን ማለት ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብዓይነት ይኹን ብቑጽሪ ብዙሓት ምሁራት'የም ነይሮም። መደብ ምጥፋእ መሃይምነት መሰረት ዝነበረ ወፍሪ፡ ስርሓት ናይቲ ውድብ ቀስ ብቐስ እናሰፍሐን ስርሓቱን ንጥፈታቱን ኣብ ህዝቢ እናበጽሐን ክኸይድ ምስ ጀመረ ብሓደ ወገኑ መሃይማን ብብዝሒ ምስ ምንባርም ከኣ በቲ ኻልእ፡ ነዚ ንምፍዋስ፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ተጋደልቲ ብስሩዕን ብኣድማዒን መዳዩ ክካየድ ጀሚሩ። ከም ወጽኢቱ ኸኣ፡ ጠለብ ክኢላዊ ዓቕሚ ናይ መማህራኑ ኣጋር ሓኪይም፡ ጋራጅ፡ ጽገና ብረት፡ ምስናዕን ምጽጋንን ውድብ ይምልስ ነይሩ። በዚ ደው ኣይበለን። ቀስ ብቐስ እናሰገመ ብስፍሓት ኣብ ህዝቢን ተጋደልቲን ክወሃብ ጀሚሩ። በዚ ዝጀመረ ራእይን መትከልን ትምህርቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ድሕሪ ናጽነት ከም ሃገር ኣብ ዝቖምናሉ'ውን እንተኾነ፡ መሰረቱ እቲ ኣብ ሜዳ ዝጀመረ ስለ ዝነበረ ዝተለወጠ ኣይነበረን።

ሓፋሽ ክምሃር፡ ተማሂሩ ክምዕብል መሰሉ እዩ። ሃገር ይኹን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ንቕድሚት ክምዕብሉ፡ ክሕይሉን ክምዕብሉን ዝተማህረ ኣካል የድልዮም። ነዚ ንምምላስ ድማ'ዩ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ብዮምሚን ብሰፊሑን እግሪ እግሩ፡ ስሩዕ ትምህርቲ ብምስዓብ ክካየድ ዝጀመረ። እዚ ድማ፡ ንኽልተ ዕላማ ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። መሰላትን ግቡኣትን ዜጋታት ንምምላእ በቲ ሓደ፡ ውድብ ዘካይዶ ዝነበረ ቃልሲ፡ ጠለብ ዝተማህረ ክኢላዊ ዓቕሚ ሓርነታዊ ቃልሲ ንምምላስ ድማ በቲ ኻልእ ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። ፍረ ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ግዜ ቃልስና፡ ብዙሓት መማህራን፡ ሓኪይም፡ ክኢላታት ጋራጅን ካልኦት ዓውዲ ስራሕን ክፈርዩ ብምኽኣሎም፡ ብኡ መንጸር ክኢላዊ ዓቕሚ ሓርነታዊ ቃልሲ'ውን መልሲ እናረኸበ ክቕጽል ክኢሉ።


**ኣቶ ትካቦ ኣይመት**

ትምህርቲ ቀንዲ መሳርሒ ምዕባለ ኣብ ህላወናን ሓድነትናን ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ኣርእስቲ ኣብ ጽቡቕ ኢጋጥሚ'ዩ ተላዒሉ ዘሎ። ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ዝቕጽል 5 ዓመት ንምሕያልን ምስፋሕን ብዝብል፡ ክሳብ ዞባታት ብምውራድ ምስ መሻርኽቲ ገምጋማት ኣካይድና ነይርና። ኣብዚ ዝኾነ ሰብ ክርድኦ ዘሎዎ፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ዝይፍለ፡ ስሩዕን ዘይስሩዕን እንብሎ'ዩ። እቲ ስሩዕ እንብሎ፡ ንኣሽቱ ዘገልግል ክኸውን እንከሎ፡ ዘይስሩዕ እንብሎ ግና ንትምህርቲ ንዓበይቲ ብቐንዱ ኸኣ ንመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተኮረ'ዩ።

- ትምህርቲ ምጥፋእ መሃይምነትን መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲን ኣብ ኤርትራ ብመሰረቱ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ግዜ ቃልሲ ብዝዩ ስሩዕ መደብ'ዩ ጀሚሩ። ድሕሪ ናጽነት ግና ከም ስሩዕ ሃገራዊ መደብ ተታሒዙ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ድማ እቲ መደብ ብቐንዱ ንዓበይቲ ደቀንስትዮ ብፍላይ ከኣ፡ ህይወት ገሰትን ገጠርን ንዘመርሓ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። ንምኳኑ ምጥፋእ መሃይምነት እንታይ'ዩ፧ ኣንበብትን ጸሓፍትን ምኽኣልከ ኣኻሊ ድዩ፧ ክንጽኡ ዝሓልፍ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፧ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን ዘራኽቦምከ እንታይ'ዩ፧

**ኣቶ ትካቦ ኣይመት**

ኣብዚኣ ክንጽራ ዘድልየና ክልተ ነገራት ኣለዋ። ንትምህርቲ ንዓበይቲን ምጥፋእ



ኣቶ ገብረዝጊ ድማም

መሃይምነትን ሓደ ገይሩ ዝርእዮ (ዝወስዶ) ሰብ ብዙሕ'ዩ። ሓደ ግን ኣይኮኑን። ነንበይናም እዮም። ትምህርቲ ንዓበይቲ ሰፊሕ'ዩ። ምጥፋእ መሃይምነት ግና መሰረት ናይ መጀመርታ ኣሰኻሉ መሳልል ናይ ትምህርቲን ኣፍደገ መእተዊ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን'ዩ። ስለዚ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ክበሃል እንከሎ፡ ኣብዚ እቲ ናይ መጀመርታ ዝመጽኣልካ ቃል፡ ብዙሓጸረ፡ ምንባብን ምጽሓፍን ምኽኣል ማለት'ዩ። እንተኾነ ኣብዚ እዋን'ዚ ትርጉሙ እናሰፍሐ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ምንባብን ምጽሓፍን ምኽኣል ንምንታይ፧ ንምንታይከ ናይ መውዳእታ ዕላማ ኣይኮነን፧ ዝብል እዩ። እንተኾነ፡ ምንባብን ምጽሓፍን መሳርሒን ናብ ዝለዓለ ደረጃ መሰጋገርን ንናይ ካልእ ድሌታትን ጠለብን ንኽተረጋግጽ ዝሕግዝ'ዩ።

ምጥፋእ መሃይምነት ከምቲ ዝተጠቕሰ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ትርጉሙ እናሰፍሐ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ከተንብብን ክትጽሕፍን ክኢልካ - ጽቡቕ። "ነቲ እትጽሕፎን እተንብቦን ክትርድኦ ትኽእልዶ፧ ክትገልጾኸ ትኽእልዶ፧ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ክትጥቀመሉ ክኢልካዶ፧" ኣገልግሎታዊ ምጥፋእ መሃይምነት (Functional literacy) ዝበልዎ ብዚሉ ይመጽእ ኣሎ። ወለዲ (ኣደታትን ኣቦታትን) ተማሂርም ኣብ ገዛ ክጥቀምሉን ንደቆም ክሕግዙሉ እንተዘይ ክኢሎም፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም እቶት ኣብ ምዕባይ፣ ኣተሓሳስባ ኣብ ምልዋጥን ዘይሰስፍልጠታዊ ኣረኣእያ ኣብ ምቕያርን እንተ ዘይተጠቒሞምሉ፡ ምስ ምጥፋእ መሃይምነት ኣይቀዳሕን እዩ። ወጽኢት ናይቲ መደብ ድማ፡ ፍረን ትርጉምን ኣልቦ ኮይኑ ይተርፍ።

ድንቁርናን መሃይምነትን ክልቲኦም ዝተፈላለየ ትርጉም'ዩ ዘለዎም። መሃይምነት፡ ኣንበብትን ጸሓፍትን ዘይምኽኣል ክኸውን እንከሎ፡ ድንቁርና ግን ምስ ኣተሓሳስባ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ እዩ። ስለ ዝኾነ፡ መሃይም ዝበሃል ሰብ፡ ድንቁር ከምዘይኮነ'ዩ እቲ ዝወሃብ መግለጺ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግና፡ መሃይምነት ክጠፍእ ኣይክእልን እዩ ዝበል ትርጉም ይመጽእ ኣሎ። ዕድመ ምሉእ ትምህርቲ ከምዝድለ ይግለጽ ኣሎ። ኣንበብትን ጸሓፍትን ምኽኣል ወጽኢቱ ርዱእ'ኳ እንተኾነ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ግዜ እናማዕበለን ዚ ዘሎ'ውን ድጂታል መጺኡ ኣሎ። ኮምፒዩተር ሓንቲ ካብኣን'ያ። ብኮምፒዩተር ክትሰርሓለን ክትጥቀመላን እንተ ዘይክኢልካ፡ ብበርዕ ክትጽሕፍ ትክእል ኢኻ፡ እዚ ብዘይምኽኣልካ፡ ብኣገልግሎት ግና መሃይም ምህላውካ'ዩ ዘርድእ። ነዚ ኣመልኪቱ ትካል ትምህርቲን ሱፍልጠትን ባህልን ሕቡራት ሃገራት (ዩኔስኮ)፡ "ናይ ዕድመ ለውጢ የብሉን። ንኣሽቱን ዓበይቲን ንኹሉ እዩ ዝምልከት። ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ዝርከቡ ተመሃሮ ጽቡቕ ከንብቡን ክጽሕፉን እንተ ዘይክኢሎም'ውን መሃይማን'ዮም" ብምባል ይገልጽ።

ካልኣይ፡ ሰባት ዕድመ እናወሰኽና ክንከይድ እንከሎና፡ ትምህርቲ ክንቕጽል'ምበር ደው ክንብል ከምዘይብልና ዝድርኽና ኮምፒዩተር ይመጽእ ኣሎ። ትምህርቲ፡ ቀለም ትቐስመሉ ዓውዲ ጥራይ ኣይኮነን። ብዙሕ'ዩ ረብሓኡ። ብጠቕለላ፡ ሕግታት ተኸቲልካ ስድራ ከተማሕድር ዘይምኽኣል፡ መሃይም ኢኻ። ስለዚ፡ ትርጉሙ መሃይምነት ከምቲ ዝተጠቕሰ እናሰፍሐ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ምስ ወዳእካ፡ ኣብኡ ደው ክትብል ዘይኮነ፡ ደጊሲ'ውን ኪጋጥም ስለ ዝኽእል፡ ቀጻልነት ትምህርቲ ከተረጋግጽ ኣለካ። ፖሊሲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ "ምዕሩይ ኣቕርቦት ትምህርቲ፡ ንኹሉም ዜጋታት ብዘይ ኣፈላላይ፡" ዝብል'ዩ። መዓስ ተረጋግጽ ንዝብል፡ ኩሉ ግዜ ዝብል'ዩ መልሱ። ኤርትራ ደረጃ ዝጸንሓ ዝሰፍሐ ዕማም፡ ኣብ ምንባብን ምጽሓፍን ኮይኑ፡ ምሉእ ኣደህባና ምጥፋእ መሃይምነት ኮይኑ፡ ዜጋታት ከንብቡን ክጽሕፉን ኣብ ምግባር ኢና ጸኒሕና። መንግስቲ'ውን ካብ 2000 ዓም ጀሚሩ ከም ዓቢ መደብ ክሰርሓሉ ስለዝጀንሐ፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ዳርጋ ኣብ ምጽላፍ ኣለና ክንብል ንኽእል። ኣብ ዝቕጽል 5 ዓመት ከኣ፡ ክጽኡን ዝተርፍናን ዜጋታት ዝደልዩዎ ክቕርብ'ዩ መደብና።

- ኣብ እዋን ቃልስና፡ ትምህርቲ ንዓበይቲን መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ተዓጻጺፉ ብዞባርን ዘይሰሩዕን ንተጋደልቲን ኣብ ሓራ መሬት ዝነበረ ዝበረ ህዝብናን ይወሃብ ነይሩ። እዚ ንምግባር ድማ ጸንክር መድረኽ ሓሊፉ። እዚ ኣመልኪትኩም እንታይ ትብሉና፧

**ኣቶ ገብረዝጊ ድማም**

መደብ ምጥፋእ መሃይመት ኣብ ግዜ ቃልሲ እንተ ደኣ ዘበርና፡ ከምቲ ተደጋጊሙ ዝገለጽ ዘሎ'ዩ። መጀመርታ እቲ ምደብ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ትኹረት ዝገበረ'ዩ ነይሩ። ሰፊሕን ጸዕቕን ስራሕ'ውን ተሰሪሑ። ኣብ 1976-77 መላእ ሕብረተሰብ ናይ ተጋዳላይ፡ መሃይምነት ኣጥፊኡ ነይሩ'ዩ። ዝቐጸለ እቲ ሓርነታዊ ቃልሲ እናሰጉመ፡ ብዙሕ ህዝቢን ዝጋደል ኣካል እናተጸንበረ ምስ ከደ ግና ብኡ መንጸር ቁጽሪ መሃይማን እናዛየደ መጺኡ። ይኹን'ምበር፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ህዝቢን ናብቲ ቃልሲ ዝተጸንበረ ሓደሽ ተጋዳላይ ልሒሙ ክጠፍእ ስለ ዝበረ፡ ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ኣዝዩ ጸዕቂ ስራሕ'ዩ ተኻይዱ።

ኣብቲ ሽዑ ንምሕደራ ክጥዕም ዞባታት ቈይመን ነይረን። ዞባታት (ሱዳን ሳሕልን ባርካን ምዕራብ፡ ሰሜን ደቡብ፡ ምብራቕን ማእከላይ ምብራቕን) ክጥቀሳ ይኽእላ። ኣብ ኩለን እዘን ዝተጠቕሳ ዞባታት ድማ መደባት



ኣቶ ትካቦ ኣይመት

ምጥፋእ መሃይምነት ይካየድ ነይሩ። ወፍሪ ዘመተ ምጥፋእ መይምነቱ ቅድሚ ምብጋሱ፡ ንህዝቢ ሰራዊትን ብኣዋሳት ክፍሊ ህዝቢ ይወሃብን ይካየድን ነይሩ'ዩ። እዚ ኣብ ገምጋም ኣትዩ፡ ብዘሰፍሐ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሰዒቡን እናሓየለ'ውን ምስ ምኻዱ፡ ዚ መደባት'ዚ ዘሰላስሉ ኣብ ብዙሕ ዓውዲታት ውድብ መማህራን ክፈርዩን ጠለብ ክኢላዊ ዓቕሚ ናይቲ ውድብ ከኹልብቶን ጀሚሮም።

ኣብዚ ዝተቐሰመ ሓደ ከም ዓቢ ተመክሮ ዝገለጽ፡ መደብ ትምህርቲ ምጥፋእ መሃይምነት ብሰራዊት ጀሚሩ ቀልጢፉ ሰፊሑን ሓይሉን፡ ስርዓት ትምህርቲ ተዳልዩሉ ንዓበይቲን ንንኣሽቱን ንፉሉያት ስርሓት ኣደ ስርሓትን ዘገልግል ተዋዲዱ ኣብ ህዝብን ተጋደልቲን ክካየድ ክኢሉ። ካልእ፡ ምስ ምምራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ሰዒቡ። ኣብ'ዚ፡ ብዙሓየለ ኣብ ድሕሪ መስመር ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራን ሱዳንን ዝተኻየደሉ ኩነታት ክንጠቕስ ንኽእል። ወፍሪ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ 1982 ምቅርራብት ተገይሩሉ፡ ኣብ መጋቢት 1983 ወግዓዊ ስራሑ ዝጀመረ'ዩ። ምጅማር ናይ'ዚ ወፍሪ'ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ደጀን ከባቢታት ኤርትራ፡ ሮራ ጣቕላ - ሳሕልን ባርካን ማርያ ጸሊም፡ ላዕላይን ታሕታይን ባርካ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ናይቲ እዋን ዞባታት (ምዕራብ፡ ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕ፡ ማእከላይ ምብራቕ)፡ ኩሉ እዞም ዝዘርዘርኩ ከባቢታት ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ዝተኻየደሎም'የም።

**ኣቶ ትካቦ**

መደብ ምጥፋእ መይምነት ናትና፡ ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ፍልዩ ዝገብሮ፡ ምስ ምዕባለን ሃገራዊ ቃልሲ ንሓርነት ንምርግጋጽ፡ ኩሉ ክሳተፍ ክፈልጥን ሓበሬታ'ውን ክረኽበን ስለ ዝነበረ፡ ተጋደልቲ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም መሃይምነት ከም ዘጥፍኡ ይገብር ነይሩ። ንኣብነት ከም ተመክሮ፡ ድሕሪ'ቲ ዘጋጥም ቀውጢ እዋን'ውን እንተኾነ ዕረፍቲ ኣብ ዝተረኽበሉ ንምሃር ነይርና። በዚ ድማ መጽናዕቲ ኣይተኻየደን'ምበር፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት እቲ ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ከንብብን ክጽሕፍን ይኽእል ብምንባሩ፡ ዝወጽእ ዝነበረ መጽሔታትን ሓበሬታታትን ይርድኦ ነይሩ'ዩ። ካልኣይ፡ ከምቲ ዝተጠቕሰ፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ካብ 1983 ናቱ ካሪክለም ሒዙ ክብገስ እንከሎ፡ ድሕሪ ናጽነት ዘካየድናዮ መደብ ደርፍጥፍ ንኽይንብል ሓጊዙና'ዩ። ካብ ተመክሮ ናይ ካልኦት ከርዕም ከይበልና፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ግብሪን ክልሰ ሓሳብን ዘተኣሳሰረ ፖሊሲታት ቋንቋ ኣደን ርእሰኻ ምኽኣል መሰረት ዝነበረ ፖሊሲ ካሪክለምን ንናይ ድሕሪ ናጽነት ናይዚ መደብ'ውን ጽቡቕ ተመክሮ ኮይኑና'ዩ።

ይቕጽል...



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል ይቕጽል

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት ቀጺሉ።

በዚ መሰረት፡ ማይ ተመናይ ንጎዞ ጥኑዳ 3-ብ2፡ ጋላ ኣፍሓ ንዕዳጋ ሓሙስ 1-ብ0 ሰዒረንኦን።

ኣብ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ተባዕትዮ፡ ማይ ተመናይ ንጎዞ ጥኑዳ 2-ብ1፡ ጋላ ኣፍሓ ንዕዳጋ ሓሙሽን 1-ብ1፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ማይ ተመናይን ጎዞ ጥኑዳን ብተመሳሳሊ 1-ብ1 ተፈላልየን።

ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ተባዕትዮ፡ ጎዞ ጥኑዳ ንማይ ተመናይ 2-ብ1፡ ጋላ ኣፍሓ ንዕዳ ጋሓሙስ 1-ብ0 ሰዒረንኦን።

ኣብ ካልእ ሜዳ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ትሕቲ 17 ዓመት ተባዕትዮ፡ ፓራዲዞ ንኣጥቫውል 3-ብ1፡ ቲራቮሎ ንሰረጀቓ 4-ብ3፡ ኣኽርያ ንገጀረት 1-ብ0፡ በርክ ንጉዳይፍ 4-ብ0፡ ሰምባል ንኣርባዕተ ኣስመራ 2-ብ1 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ማእከል ከተማን ጸጸራትን 0-ብ0 ተፈላልየን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ብኸልተኡ ጾታ ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ክቕጽል ምኻኑ ተሓቢሩ።

## ፊፋ ኣንጻር ዩኤፋ

ሓላፊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ፊፋ፡ ንንኡስ ብርኽታት ዋንጫ ዓለም ክልተኡ ጾታ ናብ ዕዳጋ ብምውራድ ንኣውፊርቲ ክውንንዎ ዝኸበር ሓሳብ ድሕሪ ምብጋሱ፡ ኣብ ሰድራቤት ናይዚ ዝዓበየ ስፖርታዊ ንጥፈት ዓለም፡ ዓቢን ኣዝራብን ዛዕባ ከፊቱ።

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ)፡ እንተ ድኣ ፊፍ ነዚ ሓሳብ ወዲልምን ዋንኡ፡ ናይ ህዝቢ ክንሱ ናብ ኢድ ሃብታማት ኣረኪብዎ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ክስሕብ ምኻኑ ይገልጽ ኣሎ። እዚ ማለት ዋንጫ ዓለም ብዘይ ሃገራት ኤውሮጳ ምእንጋድ ከስዕብ እዩ።

እቲ ዝበርም፡ ኑቲ ናብ መሸጣ ክወርድ ምኻኑ ዝገለጽ ብርኽታት ክዕድጉ ምኻኖም ዝገለጹ ኣውፊርቲ፡ ቀረባቲ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ይርከብዎም - ብመሰረት ገለ ምንጪታት።



ፕረዚንደት ዩኤፋ - ሰፈሪን   ፕረዚንደት ፊፋ - ኢንፋንቲኖ

## ባርኮላ፡ ምስ ሊቨርፑል ተሰማሚዑ




ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ፒኤስጂ - ብራድሊዩ ባርኮላ፡ ናብ ሊቨርፑል ክጸምበር ኣብ ናይ ቃል ስምምዕ ምብጽሑ ተገሊጹ።

እዚ ወዲ 23 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብታ ጋንታ ብኣሰልጣኒኡ ሉዊስ ኤንሪከ ብዝወሃቦ ዘሎ ተራ ሕጉስ ኣይኮነን። በዚ ድማ፡ ዝሓለፈ መዓልታት ውዕሉ ንምሕዳስ ምስ ክለቡ ዝጀመሮ ዝርርብ ክቋርጾ ወሲኑ። ናይ ክልተ ዓመታት ውዕሉ ሰሪዙ ክወጽእ ምውሳኑ ድማ ይገለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣርሰናልን ሊቨርፑልን ንምፍራሙ ድሉት ኣርእየን እየን። ኣብዚ እዋን ግና፡ ሊቨርፑል ዝለዓለ ኢድ ሒዛ ኣብ ውልቃዊ ስምምዕ ተረዳዲኣ ትርከብ።

ሊቨርፑል፡ ድሕሪ ምዝዛም ዝሓለፈ ወቕቲ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ንዘወጸን ልዑል ተራ ንዘበርከተ ሞ ሳላሕ ንምትካእ፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኣብ ዕላማ ኣእትያ ጸኒሓ፡ ንኣይቮሪያዊ ያን ዲያማንደ፡ ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ንምፍራም መደብኣ እንተነበረ፡ ዘቕረበቶ 85 ሚልዮን ፓውንድ ግና፡ ክለቡ ኣይጸገቦ፡ ድሕሪ ሪያል ማድሪድ፡ ንዲያማንደ ብልዕሊ 100 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝፈረመቶ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንተጻዋታይ ሞናኮ - ማግነስ ኣክሊያናት ከምኡ'ውን ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኦሳስና - ቪክቶር ሙኖዝ ጠሚታቶም ነይራ።

ኣብዚ እዋን ግና፡ ኩሉ ዓቕማ ናብቲ ቀዳማይን ናይ ነዊሕን ዕላማኣ ዝኾነ ፈረንሳዊ ብምጥባር፡ ኣብ መዕለቢኡ ንምብጻሕ ሓደ ስጉምቲ ዝተረፋ ትርከብ - ብውልቁ ስለዝተሰማምዐ።

ይኹን እምበር፡ ፒኤስጂ፡ መልቀቒ ጋንታ ባርኮላ ኣስታት 145 ሚልዮን ፓውንድ ምኻኑ ብምሕባሩ፡ ሊቨርፑል ነዚ ዋጋ ክትበጽሖ ክኸብዳ ምኻኑ ግምት ኣሎ።

በዚ ድማ፡ ብሓዲሽ ዓሳሚ - ኣንዶኒ ኢራዮላ ንሓዲሽ ወቕቲ እትዳሎ ዘላ እዛ ክለብ፡ እቲ ዝዓበየን ዝበርትዐን ስራሕ ብሕጂ እዩ ዝጸበያ።

## ጁቬንቱስ፡ ንኮሎ ምዋኒ ኣፈሪማቶ

ኢጣልያዊት ክለብ ጁቬንቱስ፡ ንኣጥቃዓይ ፒኤስጂ - ራንዳል ኮሎ ምዋኒ ብቀዋሚ ከተፈርሞ እያ - ብመሰረት ምንጪታት።

ኣብ ክራማት 2023 ካብ ኢንትራኽ ፍራንክፈርት ናብ ፒኤስጂ ዝተጸንበረ - ምዋኒ፡ ካብኡ ወሰንቲን ብቕጻሊ ዝሰለፉን ተጻወትቲ ናይታ ክለብ ክኾውን ተጸጊሙ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ጥሪ 2025፡ ክሳብ ምዝዛም'ዚ እዚ ወቕቲ 2024-25 ናብ ጁቬንቱስ ብልቓሕ ተሰጊሩ። ኣብ መስከረም 2025 ከኣ፡ ክሳብ ምውዳእ ዓመተ ስፖርት 2025-26 ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ቶተንሃም፡ ንምዚኡ ክትጥቀመሉ ብዘኽእላ መሰርሕ ተጸምቢሩዋ።



ኣብዚ ክረምቲ'ውን፡ ጁቬንቱስ፡ ብልቓሕ ደጊማ ከተፈርሞ ተሰማሚዓ ኣላ፣ እዚ ናይ ልቓሕ መሰርሕ ግና፡ ብቀዋሚ ናይ ምቕያር ግዴታ ኣለዎ። እዚ መስርሕ ቀዋሚ ዝቕየረሉ ግና፡ ጁቬንቱስ ዝመጽእ ወቕቲ ካብቶም ሰለስተ ኤውሮጳዊ ውድድር ኣብ ሓደኡ ዘሳተፍ ደረጃ ሒዛ እንተተዛዚማ ምኻኑ ይገለጽ።

በዚ ድማ፡ እዛ ኢጣልያዊት ክለብ፡ ኣብዚ መስርሕ ኣስታት 50 ሚልዮን ዩሮ ከተውጽእ እያ - ከም ጸብጻብ ናይ ኢጣልያ ጋዜጣታት። እዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ፡ ኣብዛ ሰሙን ሕክምናዊ መርመራ ከካይድን ውዕል ክፍርምን እዩ።

እዚ መስርሕ ቀዋሚ እንተኾይኑ፡ ምዋኒ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክፍርምን ዓመታዊ ኣስታት 5.5 ሚልዮን ዩሮ ክኽፈልን ትጽቢት ይግበረሉ።

## ቸልሲ፡ ንሀንደርሰን ጸምቢራቶ

ጉዳይምን ምኩራትን ተጻወትቲ ትሃድን ዘላ ቸልሲ፡ ንእንግሊዛዊ - ጆርዳን ሀንደርሰን ከተፈርሞ ተሰማሚዓ።

ዝሓለፈ ወቕቲ ብናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ናብ ብሬንትፎርድ ዝተጸምበረ - ሀንደርሰን፡ ትማሊ ረቡዕ ዝበረቶ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ሰሪዙዋ ናጻ ተጻዋታይ ኮይኑ።

ተመኩሮኡ ከምዝበድሳ ዝኣመነት ቸልሲ ከኣ፡ ክሳብ ሰነ 2028 ብዘጸንሖ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ሓዲሽ ኣባላ ገይራቶ ኣላ።



እዚ ወዲ 36 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ሳንደርላንድ ንሰለስተ ዓመታት፡ ምስ ሊቨርፑል ከኣ ን12 ዓመታት ብምጽዋት፡ ዓቢ ተመኩሮ ከኻዕብት ክኢሉ እዩ።

ንሓዲሽ ወቕቲ ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ ዣቢ ኣሎንሶ ትዳለወሉ ዘላ ቸልሲ፡ ኣቐዲማ ንወዲ 35 ዓመት ኣጥቃዓይ ብራይተን - ዳኒ ዌልባክ ኣፈሪማቶ እያ።

## "ኢምቦሎ፡ ክወጽእ ኣይግብኦን" ቦርድ ዓለምለኻዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ

ወግዓውያን ሕግታት ኩዕሶ እግሪ ዝፈጥርን ዝቕይርን ቦርድ ዓለምለኻዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ (IFAB)፡ ኣጥቃዓይ ስዊዘርላንድ - ብሬል ኢምቦሎ፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣንጻር ኣርጀንቲና ክወጽእ ከምዘይነበሮ ገሊጹ።

ኣብቲ ውሳነ ደያኑ ለያኒል ማሲ ንዘቕልሳ ኣርጀንቲና ዘበርሕ ይኹውን ኣሎ ዝበሃሉ ዝበረ ውድድር፡ ኢምቦሎ'ውን ጉዳይ ዘይብቑዕ ውሳነ ደኛ ምኻኑ፡ ድሕሪቲ ውድድር ተቓሊሑ። ብቐይሒ ዝበረቶ ኢምቦሎ፡ ጸወታ 1-ብ1 እንከሎ፡ ኣብ መበል 72 ደቒቕ ተሃሪመ ኢሉ ወዲቑ ጋንታኡ ናጻ ቅላዕ ተዋሂባ ነይራ። ማእከላይ ዳኛ ከኣ፡ በደል ንዝፈጸመ ኣከፋፋሊ ኣርጀንቲና - ለኣንደሮ ፓራደዝ፡ ብጫ ካርድ ሂብዎ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ቪደዮ ተሓጋጋዚት ዳኛት (ቫር) ጣልቃ ድሕሪ ምእታው፡ እቲ ናእ ፒንዝሮ ዝሰሙ ዳኛ ነታ ፍጻመ ኣብ ቪደዮ ተዓዘቡ፡ በደል ከምዘይተፈጸመ ብምርግጋጽ ድማ፡ ነታ ናይ ስምዕታ ካርድ ፓራደዝ ሰሪዙ፡ ነቲ ናይ ኮሳ ኢሉ ዝወደቐ (ዳይቭ) ገይሩ ዝበሎ ኢምቦሎ፡ ብጫ ካርድ ሂብዎ። ኣቐዲሙ ናይ ስምዕታ ካርድ ወሲዱ ብምንባሩ ከኣ፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ክወጽእ ተቐሲቡ። ብሳዕቤኑ፡ ሚዛናዊ ዝበረ ጸወታ ካልእ ኣንፈት ሒዙ።

ምዱብ 90 ደቒቕ 1-ብ1 ተዛዚሙ፡ ናብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ምስ ኣምርሐ፡ ብ10 ተጻወትቲ ክትጻወት ዝተቐሰበት ስዊዘርላንድ፡ ክልተ ሸቶታት ተመዝጊቡዋ፡ ብኣርጀንቲና 3-ብ1 ተሳዒራ ተገሊፋ። እዚ ፍጻመ ድማ፡ ኣርጀንቲና፡ ኣብ ዙር 16 ንግብጺ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3-ብ2 ክትስዕራ እንከላ፡ ውሳኔታት ዳኛ ንደገፊ ኣርጀንቲና ነይሮም ንዝበል ነቐፌታታት ዘራጉድ ነይሩ።

ብፊፋ ኣፍልጦ ዘለዎ ቦርድ ዓለምለኻዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ፡ ድሕሪ ምዝዛም'ቲ




ውድድር ኣብ ዘካየዶ ገምጋም፡ ኢምቦሎ፡ ክወጽእ ግቡእ ከምዘይነበረ ኣፍሊጡ።

"ዳኛ፡ ተጋግዩ በደል ንዘይፈጸመ ተጻዋታይ ካርድ ምስ ዘሀቦ ጥራይ እዩ ቫር ክርእዮ ዘለዎ። እቲ በደል ንባዕሉ ክግምግም ወይ ክቕይር ኣይክእልን።" ክብል፡ ዳኛ፡ ምስቲ ፍጻመ ምትእስሳር ንዘይብሉ ተጻዋታይ ብጫ ወይ ቀይሕ ካርድ ምስ ዝሀብ ጥራይ እዩ፡ ቫር፡ ነቲ ምስቲ ፍጻመ ምትእስሳር ዘለዎ ተጻዋታይ ኣለሊያ ንቲ ዳኛ ክትጽውዕ ዝግብኣ ኢሉ። እዚ ማለት፡ ብጌጋ ንዝጠንቀቐ ተጻዋታይ በደሉ ንምስራዝ እምበር፡ ንናይ ሓሶት ምውዳቕ ወይ ምምሳል በደል ዳግማይ ምግምጋም ዕማማ ከምዘይኮነ ኣዘኻኺሩ።

## ማድሪድ፡ ንሮድሪ . . .

ሪያል ማድሪድ፡ ንተጻዋታይ ማን ሲቲ - ሮድሪ ንምፍራም፡ ምስታ እንግሊዛዊት ጋንታ ብወግዒ ተዛራሪባ።

ማድሪድ፡ ነዚ ስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ብመንገዲ ወከልቱ ከምዝረኸበቶ ይግለጽ። ኣብዚ እዋን ግና፡ ፕረዚደንታ - ፍሎረንቲኖ ፐረዝ ምስ ሲቲ ወግዓዊ ዝርርብ ከካይዱ ቀጠልያ መብራህቱ ስለዘወልዐሎም፡ እቲ ርክብ ክለብ ንክለብ ኮይኑ ኣሎ።

ሮድሪ፡ ናብዛ ናይ ሃገሩ ክለብ ክጽምበር ሕልሙ ምኻኑን ንነዊሕ ዓመታት ከምዝደፈኣሉን ይሕበር።

ማድሪድ፡ ነዚ ዕወት ባሎን ዲ'ኦር 2024 ዝኾነ ወዲ 30 ዓመት ተጻዋታይ፡ ልዕሊ 50 ሚልዮን ዩሮ ክትከፍለሉ ድልውቲ እያ። ሲቲ፡ ልዕሊኡ ክትጠልብ ድማ ትጽቢት ኣሎ።

ማድሪድ፡ ወላ'ኳ ኣቐዲማ ሮድሪ ኣብ መደባ ከምዘየለን ትሕብር እንተነበረት፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘርኣዮ ሃገሩ ስጳኛ ዕወትቲ ክትከውን መሪሕ ተራ ድሕሪ ምጽዋቱን ግና፡ ሓሳብ ክትቕይር ተቐሲባ ኣላ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ ምስ መራሕቲ ዩክሬንን እስራኤልን ዘትዩ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁን ብተናጸል ተራኺቦም ከም ዝዘተዩ ተሓቢሩ።

እቲ ዘተ እወታውን ውጽኢታውን ምንባሩ ድማ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ትራምፕ (ጻዕዳ ህንጻ) ዝወጸ መግለጺ ኣመልኪቱ።

ዘለንስኪን ነታንያሁን ናብ ኣመሪካ ዝምርሑ፡ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ ናይ'ቲ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ዝዓረፈ ጽኑዕ ደጋፊ እስራኤልን ዩክሬንን ሴናተር ሊንድሲ ግራሃም ንምስታፍ እዩ።

ትራምፕ ብመገዲ'ቲ ባዕሉ ዝውንኖ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣቢሉ ኣብ ዘውጾ መግለጺ፡ እቲ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ዝተኻየደ ርክባት ኣዝዩ ጽቡቕ ከም ዝነበረ ሓቢሩ።



ድሕሪ ርክብ መራሕቲ ኣመሪካን ዩክሬንን፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዝገበረት ዝገልጽ ወግዓዊ መረጋገጺ እኳ እንተ ዘይወጸ፡ ትራምፕ፡ ዩክሬን ፓትሪዮት ሚሳይላት ብውሸጣዊ ዓቕማ ከተፍሪ ዘኽእላ ፍቓድ ንተግባራውነቱ ከም ዝተሰማምዑ ዘለንስኪ ሓቢሩ ኣሎ።

ዩክሬን ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ኣብ ከተማታታን ኣብ መላእ ግዝኣታታን ዝፍጸም መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ሩሲያ ንምክልኻል፡ ፓትሪዮት ሚሳይላት ከም ዘድልያ ብተደጋጋሚ ክትገልጽ ጸኒሓ እያ።

ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ትራምፕ፡ ዩክሬን 'ፓትሪዮት ኢንተርሰፕተር' ዝተሰምየ ንባለስቲካዊ ሚሳይላት ዝዓግት መከላኸሊ ሚሳይል ንኸተፍሪ ፍቓድ ሂቡዋ ምንባሩ ይዝከር።

ናታንያሁ ብወገኑ፡ ድሕሪ'ቲ ምስ ትራምፕ ዘካየዶ ርክብ ንማዕከናት ዜና እስራኤል ኣብ ዘውጾ መግለጺ፡ ኣብ'ቲ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ካብ ዝገበሮ ጽቡቕ ምንባሩ ዝገለጸ ርክቡ፡ ኢራን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክትውንን ከም ዘይብላ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ኣረጋጊጹ።

## ጃፓን - ህይወት ናይ ምድሓን ጻዕርታት ይቕጽል

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ጃፓን 7.1 ሬክተር ዝዓቐኑ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ህንጻታት ተደብዮም ንዝርከቡ ዜጋታት ብህይወት ናይ ምትራፍ ጻዕርታት ይቕጽል ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

በቲ ምንቅጥቃጥ፡ ካብ'ቲ ብውሑዱ 13 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ብፍርስራስ ናይ ሓደ ዓቢ ማእከል ዕዳጋ (ሞል) ዝተደብዩ ሰባት ክህልዉ ስለ ዝኽእሉ፡ ቀጽሪ ምውታት ክወሰኽ ተሰጊኡ ምህላዉ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣሽሓት ኣባይቲ ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ተሪፉ ከም ዘለዋ፡ ኣብ መላእ እቲ ዞባ ዝርከብ መስመራት መጎዓዝያ ድማ ከም ዝዓጸወን ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሳናይ ታካይቺ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "ሕጂ'ውን እንተኾነ ክድሕኑ ዝጸበዩ ሰባት ስለ ዘለዉ፡ ንምድሓኖም ኣንጻር ግዜ ዝግበር ውድድር ክቕጽል'ዩ" ኢላ።

ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ፖሊስን ኣስታት 4,500 ኣባላት ሰራዊትን ኣብ'ቲ ናይ ህይወት ኣድሕን ስርሒታት ተዋፊሮም ይርከቡ ከም ዘለዉ ተሓቢሩ።

ጃፓን ኣብቲ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ብ 'ቀለቤታዊ እሳት' ዝፍለጥ ሓደገኛ ዞባ ተደኪና እትርከብ ሃገር ብምዃና፡ ብተደጋጋሚ ባህርያዊ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪን ነትጒ እሳተ ጎመራን ከም ዘጋጥማ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ስዑዲን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊ ምሊሻታት ዒራቕ መጥቃዕቲ ፈጺመን

ስዑዲ ዓረብን ኣመሪካን፡ ኣብ ዒራቕ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሱ ብኢራን ከም ዝድገፉ ዝንገረሎም ምሊሻታት ሓባራዊ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዳ ሓቢረን።

እዚ ድማ፡ ነቲ ድሮ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት ከጋድዶ ከም ዝኽእል፡ ገለ ወገናት ስግኣቶም ይገልጹ ኣለዉ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣንጻር እቶም ንሓይልታት ኣመሪካን ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ስዑዲ ዓረብን ንምጥቃዕ ዝንቀሳቐሱ ምስ ኢራን ዝተኣሳሰሩ "ኣሸበርቲ" ዝበሎም ዝዓለመ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ብኢራን ብዝድገፉ ሚሊሻታት ሺዓ ዝዕብለል ንኡስ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዒራቕ፡ ብውሑዱ 20 ካብ ኣባላቱ ኣብ'ቲ ኣመሪካን ስዑዲ ዓረብን ኣብ ልዕሊ መደበራቱ ዝፈጸመኦ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትሉ ተኣሚኑ።

እቲ ሓባራዊ መጥቃዕቲ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ኣመሪካ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ሚሳይላት ከም ዝፈጸመት ድሕሪ ምግላጹ'ዩ ተፈጺሙ።

ስዑዲ ዓረብ፡ ሓይልታት ምክልኻላ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ናይታ ሃገር ንዝርከብ ትካላት ነዳዲ ዒላማ ዝገበራ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዘጥፍኦ ገሊጸ ምንባራ ኣይርሰዐን።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ስዑዲ ዓረብ ሜጀር ጀነራል ቱርኪ ኣል ማሊክ፡ እተን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ኣብ መሬት ዒራቕ ብዝርከቡ ምስ ኢራን ዝተኣሳሰሩ ሚሊሻታት ዝተወንጨፋ ምዃነን ኣብ እዋኑ ከሲሱ ነይሩ።



## ኣመሪካ፡ "ንመጥቃዕቲ ኢራን ኣበርዒነ" ትብል

ኣመሪካ፡ ኣብ መላእ ማእከላይ ምብራቕ ንዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራታ ዒላማ ዝገበረ - ካብ ኢራን ዝተወንጨፈ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዘበርዓት ኣፍሊጣ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ (ሰንትኮም) ትማሊ ረቡዕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘውጾ መግለጺ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ልዕሊ ዝመደበሮም ሓይልታት ኣመሪካ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈነወ ሓቢሩ።

ኩሉ ዝተወንጨፈ ሚሳይላት ዒላማኡ ከይወቕዐ እንከሎ ከም ዝበርዓኑ፡ ሓይልታት ኣመሪካ ድማ ኣብ ልዑል ድሉውነት ከም ዝርከቡን መግለጺ ናይ'ቲ ማእከላይ እዚ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብወገኑ፡ ሓይሊ ኣየር ኢራን ኣብ የርዳኖስ ንዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየርን ቤት ጽሕፈት ማእከላይ እዚን ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ተኣሚኑ።

"ኣብ ልዕሊ እስላማዊት ረፓብሊክ ኢራን ዝፍጸም መጥቃዕቲታት ደው ክሳብ ዘይበለን፡ ኣንጻር ረብሓታትና ዝቐንዐ ዘይሕጋዊ ተግባራት ሓይልታት ኣመሪካ ክሳብ ዝቐጸለን ተቓውሞና ክቕጽል'ዩ" ክብል ድማ ወሲኹ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ድሕሪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ን13 ተኸታተልቲ መዓልታት ዘካየደቶ ብ24 ሓምለ ደው ዘበለቶ ደብዳብ፡ ምስ'ታ ሃገር ቀጻሊ ዝርርብ ብጽቡቕ መንፈስ ይቕጽል ከም ዘሎ'ዩ ክገልጽ ቀንዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ እንደገና ትማሊ ረቡዕ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ኢራን ደብዳብ ከም ዘካየደት'የን ማዕከናት ዜና ኢራን ዝገለጻ ዘለዋ።

በቲ ደብዳብ ኣብ ህይወት ሰብ ይኹን ንብረት ዝበጽሐ ጉድኣት እንተ ሃልዩ ግን ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ የለን።



## ዒራቕን ቱርኪን ንግዳዊ ዝምድናኦን የዕብያ

ዒራቕን ቱርኪን መጠን ናይቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ ንግዳዊ ልውውጥ ናብ 30 ቢልዮን ዶላር ንምዕባይ ሐዚንኦ ዘለዋ ሸቶ ንምውቃዕ ደሰርሓ ምህላወን ሰበ ስልጣን ክልቲኤን ሃገራት ገሊጾም።




እዚ ዝተገልጸ ሚኒስተር ንግዲ ዒራቕ መሰጣፋ ኒዛር ኣል-ኣኒ ምስ ቱርካዊ መዘናኡ ዑመር ቦላት ኣብ ኣንካራ ድሕሪ ምርኻቦ'ዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስታት 17 ቢልዮን ዶላር ከም ዝበጽሐ ዝንገረሉ ክልተኣዊ ንግዳዊ ልውውጥ ናይዘን ሃገራት፡ ድሕሪ ለበዳ ኮቪድ-19ን ናህሪ ዋጋታት ጸዓትን እቲ መጠን ናብ 24 ቢልዮን ዶላር ደይቡ ምንባሩ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሚኒስተር ቦላት፡ ዒራቕ ሓሙሻይቲ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ቱርኪ ኮይና ትቕጽል ከም ዘላ፡ ቱርካውያን ተኾናተርቲ ድማ ኣብ'ታ ሃገር 40 ቢልዮን ዶላር ዝግመት 1,157 ፕሮጀክትታት የሰላስሉ ምህላዎምን ኣረዲኡ።

ክልተኦም ሚኒስተራት ኣብ ርክቦም፡ ሃገራቶም ኣቐሚጠንኦ ዘለዋ ናይ 30 ቢልዮን ንግዳዊ ሸቶ ክውቃዕ ዝኽእለሉ፡ ኣብ መጎዓዝያ ዘሎ ዕንቅፋታት ዝእለየሉ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ጉምሩክ ጥቡቕ ምትሕብባር ክፍጠር ዝኽእለሉ መንገድታት ከም ዝዳህሰሱ ሓቢሮም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 30/07/2026 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565